
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.208 | ሰሉስ 30 ሚያዝያ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጽልዋ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ጥዕና



ገጽ 3
ናይ 'ጸሓፍቲ ሒቕታ'

ገጽ 4
ተምሳጥ ዑደት ቦታ ጽንዓት


ገጽ 5
ሞራልን ምክትታልን፡ ምስጢር ንፉዕ ተማሃራይ!

ገጽ 7
ደንደንን ቀይሕ ባሕርን ሓሊፎን



## ደቡብ - ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ገስጋስ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት ዘትዩ



ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ኩለን ዞባታት ዘካየዶ ዘሎ ገምጋም ቀዳማይ ርብዒ ዓመትን ምልላይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂያዊ ወጥንን ዝምልከት ኣኼባታት፡ ብ26 ሚያዝያ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ መንደፈራ ኣኼባ ኣካይዱ።

ኣብ'ዚ ልዕሊ 120 ተሳተፍቲ ዝተረኽቡሉ ኣኼብ ሕመረት ናይ'ቲ ኣብ ሓሙሽተ ፕሮግራማት፡ ማለት ልምዓት መሬትን ምሕደራ ባህርያዊ ሃብትን፡ ልምዓት ዘራእቲ፡ ልምዓት እንስሳ፡ ወሀደን ዘላቒን መንበርን ሕርሻዊ ንግድን ምሕያል ትካላውን ሰብኣውን ዓቕሚ ዘጠቓልል፡ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝዝርጋሕ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ!" ዝመሰረቱ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂያዊ ወጥን ቀሪቡ።

ጨናፍር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ደቡብ ድማ፡ ኣብ ቀዳማይ ርብዒ ዓመት 2024፡ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምስራሕ ረሃያታትን ማጠንኸሪ ዲጋታትን፡ ምድላዋት ንልምዓት ብቖሊ፡ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ጥዕና እንስሳን ብቖልን ከምኡ'ውን ሕርሻዊ ቀጸጽርን ንጥፈታት ምዕቃብን ምስፋሕን ኣግራብን እንስሳ ዘጋጠሞም ዝተገብሩ መደባት ኣቕሪቦም።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ምስፋሕ መሬት ሕርሻ ዘዕቢ ኣፍራይነትን እቶታውነትን ኣተኩሮ ክግበር፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዓቢ ቐለሕታ ክወሃቦ፡ ምቕር ድኻሽ ንመግቢ ሰብ ጥራይ ዘይኮነ ንመግቢ እንስሳውን ብዝፍለት ክለምዑ ክሳብ ደረጃ ዓዲ ተዘርጊሑ ዘሎ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ ኣፍራይነቱ ክዕምዩን ንጹርን ተሰሪቡን መደብ ስራሕ ክወሃበ... ዝብሉን ካልኦትን ሓያሎን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ሕጂውን ዓንዲ ማእከል ኩሉ ንጥፈታት ሕርሻ ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ኣብ ዓድታት ብደረጃ ስድራቤታት ኣብ ሓደ ሽሕ ትርብዒት ሜትሮ ዝኸይድ ተበግሶ ወሀድ ልምዓት ብቖሊ፣ ምርባሕ ደርሁ፡ ዘላቒ ልምዓት ምቁር ድኻሽ ኣብ ግራውቲ ሓረስቶትን ጀራዲንን ምስራሕ ጋብላዊ ቆፍን ምብዛሕ ዕስለ ንህብቲ ወሀድ ልምዓት ስርናይ ዕቱንን ሓፀላይ መግቢ እንስሳን ምፍራይ ባህርያዊ ድኻሽን ጸራ-ባልዕን ምምስራት በቲ ትምህርቲ ሓረስቶት ከምኡ'ውን ክትትልን ግምገማን መደባት ብጥበት ክትግበር ኣተሓሳሰበ።

## በረኽ - ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ጽቡቕ ይቕጽል

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ በረኽ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ማጆር መኮንን ተኣብ ሓቢሩ።

እቲ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት 2024 ጀሚሩ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዝስላሰል ዘሎ መደብ ምስራሕን ምጽጋንን ሕርሻዊ ዛላ ክትሪን ቅናታዊ ዛላን ዘጠቓልል እዩ።

በዚ መሰረት፡ መጓልታዊ ብዙሳትና ካብ 100 ክሳብ 300 ዓቕሚ ሰብ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሄክታር ሓዲሽ ሕርሻዊ ዛላ ክሰራሕን 47 ሄክታር ክጽገንን እንከሎ፡ ክሳብ ምጅማር ወቕቲ ክረምቲ 123 ሄክታር ቅናታዊ ዛላ ክሰራሕ መደብ ኣሎ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ እትርከብ መደበር ፊልሲ - ኣብ ክረምቲ ዝትከል ልዕሊ 400 ሽሕ ፈልሲታት ተዳሉ ከምዘላ ዝሓበረ ኣቶ ማጆር ሓቢሩ።



## ኣብ ሰሉሳዊ ዝምድናታት ዕዮ ዘተኩረ ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ

ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ 'ሞያዊ ብቕዓት፡ ደራኺ ንልምዓት!' ብዝብል ቴማ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝጽምበል ዘሎ ቀን ባዓል ግንቦት - ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ብ26 ሚያዝያ ኣብ ሰሉሳዊ ዝምድናታት ዕዮ ዘተኩረ ዓውደዘተ ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ካብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን - ሓላፊ ጨንፈር ዝምድናታት ዕዮ ኣቶ የውሃንስ ሚካኤልን ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ሽቕለት ኣቶ መኣዛን ኣስፍሃን፣ ካብ ፌደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራ - ኣኪያዲ ስራሕ ምድላው መግቢ 'ኤልፋ' ኣቶ ስመረኣብ ሃብተ፣ ካብ 'ሃብሰኤ' ድማ ጸሓፊት ፌደረሽን ሰራሕተኛታት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ወ/ሮ መኣዛ ሚካኤል ዝተዛዘዩሉ መድረኽ ትርጉምን ኣገዳስነትን ሰሉሳዊ ዝምድናታት ዕዮ ብሰፊሑ ተገሊጹ።

ተዛራቢ ኣብ ዘቕረብዎ ወረቐት፡ ሰሉሳዊ ዝምድናታት ዕዮ፡ ንመንግስቲ፡ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ዝሓቕፍ ኩይኑ፡ ብኣቃውማ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ዝቖመ ምስ ሽቕለት ኣብ ዝተኣሳሰር ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ባይታ ሓባራዊዘተ ዘጸፍ ምዃኑ ክሕብር እንከሎ፡ ገለ ካብ'ቲ ብሉጽ ተመኩሮታት ሰሉሳዊ ዝምድናታት ዕዮ ኤርትራ ተጠቒሱ።

ተወሳኺ መብርሂ ዝሃበ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኢሊሳ ብወገኑ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዓውደዘተታትዘተ ምስራዕ ንምብህዛልን ሓባራዊ ርድኢት ንምፍጣርን ሓጋዚ ምዃኑ ብምጥቃስ ከም ኣካል ናይ ምንቃሕ መደብ ክርአ ኣዘኻኺሩ።

ምክትል ዋና ጸሓፊ ሃብሰኤ ኣቶ ክብርኣብ ኪዳነ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ሃብሰኤ ከም ኣካል ሰሉሳዊ ዝምድናታት ዕዮ ንዝጸወቶ ዘሎ ተራ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ጠለባት ሰራሕተኛታት ንምምላስ ከም ኣገዳስነቱን ተኽእሎታቱን ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።



## ሌ/ኮሎኔል ግርማይ በርሀ ተሰዊኡ

ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተና ኮለኔል ግርማይ በርሀ ገብረስላሴ (ወዲ በርሀ)፡ ብ28 ሚያዝያ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድመኡ፡ ብሕማም ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ መስከረም 1974 ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ግርማይ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ኣሃዱታት ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ምልክትን ከበድ ብረትን - ክሳብ ብደረጃ ስታፍ ንግዲ ክፍለሰራዊት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ክሳብ ብደረጃ ሓለቓ ስታፍ ብርጌድን ስታፍ ሎጂስቲክ ክፍለሰራዊትን ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ሌተና ኮለኔል ግርማይ በርሀ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 6 ደቂን እዩ።


ስነስርዓት ቀብሩ - 28 ሚያዝያ ሰዓት 4፡00 ድሕረቀትሪ፡ ኣብ መካነመቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ እዚ ህዝባዊ ሰራዊትን እዚ ሚኒፍይዝድ 74ን ብምምዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ - ሌተና ኮለኔል ግርማይ በርሀ ዝተሰመዖም ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱን መቓልስቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ኢሉ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

# ጽልዋ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ጥዕና




ኣልኮላዊ ማስተ፡ ኣብ ንጥፈታት ሓንጎል ናይ'ቲ ዝወሰዶ/ዝሰተዮ ሰብ ለውጢ ዘምጽእ፡ ናይ 'ኢታኖል' ወይ 'ኢታኖል' ዓይነት ኣልኮል ትሕዝቶ ዘለዎ ፈሳሲ እዩ። ኣልኮላዊ ማስተ ብዝተፈላለዩ መልክዐን ሕብርን ክቐርብ ይኽእል፡፡ ብደረጃ ኣሰራርሓኡን ኣቀራርባኡን ባህላውን ዘመናዊን ተባሂሉ'ውን ክኽፈል ይከኣል እዩ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣልኮላዊ ማስተ ሓደ ካብ ቀዳሞት ጠንቂ ሕማማትን ሞትን ደቂሰባት እዩ። ብደረጃ ዓለም፡ ብሰንኪ ኣልኮላዊ ማስተ ዓመታዊ 3 ሚልዮን ሰባት ህይወቶም ከም ዝሰኣኑ ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም የመልክት። እዚ ኣሃዝ'ዚ ዓመታዊ ኣብ ዓለም ካብ ዘጋጥም ጠቕላላ ብዙሓ ሞት ነቲ 5.9 ሚእታዊት ይሽፍን።

ኣልኮላዊ ማስተ ኣብ ኣካላትና ምስ ኣተወ፡ ኣብ ውሽጢ 5 ክሳብ 10 ደቓይቕ፡ እንተደንጎየ ድማ ካብ 30 ክሳብ 90 ደቓይቕ ኣብ ዘሎ ግዜ ባህርያዊ ለውጢ የምጽእ፡፡

* ውሑድ/ትሑት ዓቐን ኣልኮላዊ ማስተ (ትሕተ 50 ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲ. ሊትሮ - mg/dl) ዝሰተየ ሰብ ካብ ዘርእዮም ባህርያት - ልዑል ምንቅቓሕ፡ ብዙሕ ምዝራብ፡ ድቃስ፡ ድኻም፡ ናይ ሓጎስ ስምዒት ወዘተ ይጥቀሱ።

* ኣብ ሓጺር እዋን ልዑል ዓቐን (ልዕሊ 400 ሚሊ. ግራም ኣብ ደሲ. ሊትሮ) ዝሰተየ ሰብ ዘርእዮም ኣካላዊ ለውጥታት - ጸገም ምስትንፋስ፡ ዕውሉት ወዘተ እዩ። እዚ ዓቐን'ዚ ክሳብ ሞት'ውን ከብጽሕ ይኽእል እዩ።

ኣልኮላዊ ማስተ ወሲድና ምስ እንጽንሕ ሰብነትና ናብ ንቡር ክምለስ እንተኾይኑ እቲ መርዛም ትሕዝቶኡ ካብ ደምናን ካብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላትና ተጻርዩ ክወጽእ ይግባእ። እዚ መስርሕ'ዚ ብጹሉም ከቢዲ ይፍጸም። ብመልክዕ ሽንቲ፡ ረሃጽ፡ እስትንፋስን ካልእን ድማ ካብ ኣካላት ይወጽእ፡፡

**ጽልዋ ኣልኮላዊ ማስተ**

ኣልኮላዊ ማስተ ጠንቂ ኣስታት 200 ዝኾኑ ሕማማት ምዃኑ ውድብ ጥዕና ዓለም ይሕብር። ሓደ ሰብ ንነዊሕ እዋን ግዙእ ኣልኮላዊ ማስተ ኮይኑ ምስ ዝቕጽል ኣብ ኣካላቱ ቅልጡፍን ዘይምታውን ዝኾነ ዕንወት ይወርዶ።

ቀጥታዊ ጽልዋ ኣልኮላዊ ማስተ

ኣልኮላዊ ማስተ ክትሰቲ ምስ ጀመርካ፡ ሽዑ ንሽዑ ኣብ ሰብነትካ ዝፈጥሮ ጽልዋ፦

ፍሉይ ባህታ ወይ ምትኻስ፡

ምቕያር ኩነተ-ኣእምሮ፡

ፍሉይ ፈንጠዝያን ግዲ ዘይምሃብን፡

ምጉዳል ፍርሒ፡

ሃንደበታዊ ፍሉይ ጠባይ፡

ምጉዳል ንጥፈታት ሓንጎል፡

ምጉዳል ናይ ምርኣይ፡ ምስማዕ፡ ምዝራብ፡ ምንቅስቓስን ብትኽክል ናይ ምሕሳብ ወይ ምምዝዛንን ክእለት፡

ብኣተሓሳስባን ንጥፈታትን ካብ ከባቢኻ ንዝተወሰነ ሰዓታት ምርሓቕ፡

ምጉዳል ወይ ምትሓት መቐት ሰብነት፡

ተምላስን ዕግርግርን፡

ውጽኣት፡

ሕማም ርእሲ፡

ክተወሃህድ ዘይምኽኣል፡

ክትወሰን ምጽጋም፡

ምጉዳል ናይ ምዝካር ዓቕሚ፡

ኣፍሰጸራት፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጉድኣት ወይ ምውት ዕሸል ምግላጋል፡

ስድራቤታዊ ዘይምቅዳው፡ ፍትሕን ቁጠባዊ ክሳራን ምውሳኽ፡

ተኽእሎታት ዘይተደልየ መጉዳእቲ ወይ ሓደጋ ምዕባይ፡

ተኽእሎታት ኣፍሰቕትለትን ዓመጽን ምዕባይ፡

ኣብ ሓደ ግዜ ዝወሰድ ዓቐን ማስተ ምስ ዝዛይድ ድማ ሽዑ ንሽዑ ናብ ዕውሉትን ሞትን ምብጻሕ።

ገለ ካብዞም ስምዒታት ክትሰቲ ምስ ጀመርካ ኣብ ውሽጢ ሰዓታት ክጀምር እንክሎ፡ ከም ንቕጸት ሰብነት፡ ምስሓት ኣእምሮ፡ ሕማም ርእሲ፡ ተምላስ ወዘተ ድሕሪ ገለ ሰዓታት ክመጽእ ይኽእል።

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ዝኸሰቱ ሳዕቤናት ኣልኮላዊ ማስተ

ግዙእ ኣልኮላዊ ማስተ ምዃን ካብ ቁጽጽርካ ወጻኢ ብምዃን ኣብ ዝተናውሐ እዋን ከቢድ ጥዕናዊ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ገለ ካብኡ፦

ባህርኻን ኩነተ-ኣእምሮኻን ምሉእ ብምሉእ ብምቕያር ሓራቕ ክትከውን ይገብር፡

ጉዳይ ሰእኖት ድቃስን ካልእ ምስ ድቃስ ዝተኣሳሰሩ ጸገማትን ምዃን፡

ዝተናኸሰ ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከም ዝህልወካ ይገብር። ኣብዚ ብቐሊሉ ዝኾነ ዓይነት ሕማም ከጥቅዓካ ይጅምር፡

ዝተናኸሰ ጾታዊ ስምዒት ከም ዝህልወካ ይገብር፡

ድኻም ሽውሃትን ትሑት ክብደትን ትውንን፡

ዝጸጥመካ ጸገማት ብቐሊሉ ክትቈጻጸርን ክትፈትሕን ዘይምኽኣል፡

ናይ ምድሃብን ምዝካርን ጸገም ምጥራይ፡

ጉዳይ ሕዱር ሕማማት ከም ጸላም ከብዲ፡ መሸርኹ፡ ልዑል ጸቕጢ ደምን ካልእን ምዃን፡

ምምዛብል ስርዓት ምሕቓቕ መግቢ ከምኡ'ውን ጸገም ኣብ ስርዓት መትኒ ምጥራይ፡

ጉዳይ ስነ ኣእምሮኣዊ ምምዛብል፡ ጸቕጢ፡ ምምዛብል ድቃስ ምዃን፡

ጸገም ወሊድ (መኻንነት) ክተጋጥም ምግባር፡

ትሑት ብቕዓት ኣብ ስራሕ ወይ ትምህርቲን ካልእን ምጥራይ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

ኣካላዊ ጽልዋ ኣልኮል ኣብ ሰብነትና

ኣልኮል ክንሰትዮ ምስ ጀመርና ኣትሒዙ ዝፈጥሮ ኣካላዊ ጽልዋ ብዙሕ እዩ።

**ምሕቓቕ መግቢ ወሽጣዊ ነዛዕን (Digestive and endocrine glands)፦** ኣልኮላዊ ማስተ ብዙሕ ብዝሒ ምውሳድ፡ ኣብ ዝተናውሐ እዋን ብሕድሪ ቆስጠ (pancreatitis) ክትጥቃዕ ይገብር። ነድሪ ቆስጠ ዘለዎ ሰብ፡ ቆስጠ ብዙሕ መግቢ ዘሕቕቕ ነዛዒ ከም እተፍሪ ስለ ዝገብር፡ ኣብ ከስዐ ቃንዛን ከቢድ ጉድኣትን እዩ ዝወርዶ።

**ኣነዳሪ ዕንወት (Inflammatory damage)፦** ጸላም ከብዲ፡ ኣብ ሰብነትና ክሀሉ ዝኽእል መርዛም ሳብስታንስ፡ እንተላይ ኣልኮል፡ ሰጢሩ ንደገ ከም ዝጉሓፍ ትገብር ኣካል እያ። ብብዝሒ ኣልኮላዊ ማስተ ብምስታይ ንጸላም ከብዲ ከም እትጭነቕ ምስ እትገብሮ ግን ክትጉዳእ ንቡር እዩ። በዚ ድማ ጉዳይ ሕማም ጸላም ከብዲ ትኸውን።

**መጠን ሽኮር (Sugar levels)፦** ቆስጠ ኢንሱሊን ብምፍራይ ኣብ ሰብነትና ዝህሉ መጠን ባህርያዊ ሽኮር (ግሉኮዝ) ትቆጻጸር። ብሰንኪ ኣልኮላዊ ማስተ፡ ቆስጠን ጸላም ከብድን ብግቡእ ንጥፈታተን ምስ ዘይካየዳ፡ ኣብ ደም ትሑት መጠን ሽኮር (hypoglycemia) ወይ ልዑል መጠን ሽኮር (hyperglycemia) ክህሉ ይኽእል። በዚ ድማ ጉዳይ ሕማም ሽኮር ክትከውን ትኽእል።

**ማእከላይ ስርዓት መትኒ (Central nervous system)፦** ኣልኮላዊ ማስተ ኣብ መንጎ ሓንጎልን ካልእ ክፍሊ ሰብነትን ንዘበረ ምንዮብ ስለ ዘኮድኖ፡ ናይ ምዝራብን ምስትብሃልን ዓቕሚ ከም ዝንኪ ይገብር። ኣብ ዝተናውሐ እዋን፡ ጉዳይ ኣእምሮኣውዊ ምዝንባዕ ትኸውን።

**ዑደትደም(Circulatorysystem)፦** ግዙእ ኣልኮላዊ ማስተ ምዃን ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ የዕቢ እዩ።

* ልዑል ጸቕጢ ደም፡

* ዘይንቡር ህርመት ልቢ፡

* ወቕዒ፡

* ድኻም ልቢ፡

* መጥቃዕቲ ልቢ. ገለ ካብቶም ግዙኣት ኣልኮላዊ ማስተ ከጥቅዕዎም ዝኽእል ሕማማት እዮም።

ተጻዋርነት ኣልኮላዊ ማስተ

ተጻዋርነት ኣልኮላዊ ማስተ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ገለ ሰባት ዋና ብቐሊሉ በቲ ማስተ ክስሓቱን ኣቦም ክሀሰዩን ደረጃዩ እዮም። ኣልኮላዊ ማስተ ንኽይንጸወርዎም ምኽንያት ዝኾኑ ብዙሓት እዮም። ገለ ካብኦም፦

* ብቕዓት ናይ ጸላም ከብዲ ምጉዳል፡

* ሕፍሰት ኣልኮል ምውሳኽ፡

* ርጉእ/ ዝባ ኢልካ ዘይምስታይ፡

* ኣብ ጥራሕ ከብድኻ ኣልኮላዊ ማስተ ምስታይ፡

* ትሑት ክብደት ሰብነት ምስ እትውንን ወዘተ።

### ኣልኮላዊ ማስተ ካብ ምስታይ ፈጺሞም ክቖጠቡ ዘለዎም ሰባት መን እዮም?

ምስ ኣልኮል ዝጻረር መድሃኒት ዝወሰዱ፡

ሕክምናዊ ወይ ጥዕናዊ ኩነታቶም ብኣልኮላዊ ማስተ ዝጋደደ፡

መራሕቲ መካይንን ኣለይቲ ዝኾነ ዓይነት ማሽነሪታትን፡

ነፍሰጾራት ወይ ነፍሰጾር ንምዃን ዝቀራረባ ደቂ ኣንስትዮ፡

ትሕቲ ዕድመን ካልኦትን የጠቓልል፡፡

### ልዑል ኣልኮላዊ ማስተ ንምውጋድ ዝሕግዙ ነጥብታት፦

= ነፍሲ-ወከፍ ስድራ ብዛዕባ ኣልኮላዊ ማስተ ግቡእ መረዳእታ ከም ዝህልዋ ምግባር። ብዛዕባ ሳዕቤን ኣልኮላዊ ማስተ ኣብታ ስድራቤት ብዘየገድስ ንኽዘርብሉ ባይታ ምፍጣር፡

= ኣልኮላዊ ማስተ ካብ ዝሽየጠሉ ከባቢ ምርሓቕ፡ ናይ ዕረፍቲ ግዜኻ ኣብ ካልእ መዘናግዒ ንጥፈታት ከተሕልፎ ምኽኣል፡

= ኣልኮላዊ ማስተ ብምስታይካ ኣብ ልዕሌኻን ኣብ ልዕሊ ስድራቤትካን ኣካላዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ጸገማት ተኸቲሉ ከም ዘለኻ ምግንዛብ፡

= ኣብ ገዛኻ ኣልኮላዊ ማስተ ዘይምቕማጥ፡

= ኣፍልጦኻ ንምዕባይ ብዛዕባ ኣልኮላዊ ማስተ ዝገልጹ ጽሑፋት ምንባብን ምሕታትን።

### ኣልኮል ክሳብ ክንደይ ኣብ ሰብነትና ይጸንሕ?

ኣልኮል ኣብ ውሽጢ ሰብነትና ዝጸንሓ ንውሓት ግዜ፡ ኣብ ንውሓት ግዜን ብዝሒን ዝወሰድናዮ ኣልኮል፡ ኣብ እዝካይዶ ንጥፈታት ወዘተ ይምርኮስ።

ሰብነትና ንዝወሰድናዮ ኣልኮል ብስሩዕ መጠን እዩ ከናቕቖ (metabolizes) ዝጅምር። እቲ መጠን 'ሚታቦሊዝም' ሓንቲ ማስተ ኣብ ሰዓት (one drink per hour) እዩ ዝልካዕ። እዚ መስርሕ'ዚ ግን ብጾታ፡ ብዕድመ፡ ከምኡ'ውን ኣቓዲምና ብዝወሰድናዮ ዓይነትን ብዝሕን ናይቲ መግቢ ይጽሎ እዩ።

ድሕሪ 30 ካልኢት፡ እቲ ኣልኮል ናብ ደም ተሓዊሱ ናብ ሓንጎል ከብጽሕ ይጅምር።

ድሕሪ 5 ደቂቕ፡ እቲ ኣብ ከስዐ ዝህሉ ዓቐን ኣልኮል ውሑድ ኮይኑ ብረሃጽን እስትንፋስን ንደገ ይወጽእ።

ድሕሪ 20 ደቂቕ፡ 90 ሚእታዊት ናይቲ ዘህለኽናዮ ኣልኮል ኣብ ቀጢን መዓንጣ፡ ቆስጠን ጸላም ከብድን በጺሑ ዳግመይ ይጻረን ሚታቦላይዝን ይኸውን።

ክሳብ 12 ሰዓት፡ እቲ ኣልኮል ብዝተፈላለዩ ኣካላት ተጻርዩ ብመልክዕ ሽንትን ካልእ መስርሕን ንደገ ይጉሓፍ።

ኣልኮል፦

ኣብ ደም ክሳብ 6 ሰዓት ክጸንሕ፡

ኣብ ምራቕ ካብ 12 ክሳብ 24 ሰዓታት ክጸንሕ፡

ኣብ እስትንፋስ ካብ 12 ክሳብ 24 ሰዓታት ክጸንሕ፡

ኣብ ሽንቲ 12 ክሳብ 24 ሰዓታት ክጸንሕ፡

ኣብ ጉርጉሕቲ ጸጉሪ (hair follicle) ክሳብ 90 መዓልታት ክጸንሕ ይኽእል።

ምንጪ፦ health line


## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መደብ ሰ-ጥበብ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:30 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ዋልታ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዶክመንታሪ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቤተልሄም ታደሰ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ናይ 'ጸሓፍቲ ሒቕታ'

ኣብ ኩሉም ስነ-ጥበበኛታት ዝርአ ናይ ምጽሓፍ ወኒ ምንኣብይ ወይ ምዕጻው ብዙሕ ዝዘረበሉ ዛዕባ'ዩ። እቲ ዝዓበየ ሞያዊ ጸሓፊ'ውን እንተኾነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ናይ መላእ ዕምሩ ምሉእ ናይ ምጽሓፍ ወኒ ክህልዎ ኣይክእልን። ብዓገድ ሓቂ፡ እቲ ዝለዓለ ወኒ ኣብ መላእ ዕምሪ ናይቲ ስነ-ጥበበኛ ሳሕቲ ዝቐጽል'ዩ። ስለዚ'ዩ ድማ ዓብይቲ ስነ-ጥበበኛታት ኣብ ብዘለሒ ዘይኩነ ዓይነት ኣብ ምፍራይ ዝድረቱ። ኑቲ ብቐጻሊ ምውሓዝ ዝኣበ፡ ኣብ መስርሕ ዚጋጥም ምዕጋት፡ ኣብ ቋንቋ እንግሊዝኛ writer's block ተባሂሉ ብዙሕ እዋን ዝጥቀስ፡ ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ብ'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ክንገልጾ ኢና። ኑቲ እንግሊዝኛዊ ኣበሃህላ ቀጥታዊ ትርጉም ዘይኩነ ኸኣ ኑቲ ኣብ መስርሕ ምፍራይ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ ዚጋጥም ምዕጋት ምፍልፋል ሓሳባት ንምግላጽ እዩ።

ስነት ኣዳልሰን ዝተባህለ ደራሲ፡ ኣብቲ 'ናይ ጸሓፍቲ ስልጠና' ዝበሎ መጽሓፉ ነዚ ዛዕባ'ዚ ብሕጽር ዝበለ ከመይ ከም ዘቕረቦ ንርአ። ኣቐዲምና ግን እቶም ኣብ ስነ-ጥበብ እንዋሳእ ናይ ገዛእ-ርእስና ተፍትሸ ንግበር፤ መኣስን ኣብ ከመይ ኩነታትን'ዩ ምቕባእ፡ ምጽሓፍ፡ ምግጣም... ዝኣብዩና ወይ ሒቕታ ዝሕዘና። ብወኒ ጀሚርና ዘቋረጽናዮ ዕዮታት እንተ'ሎ ስለምንታይ? ናይ ምዕያይ ወኒና ንኽንምለስ ክንደይ ግዜ ወሲዱ? እዚ ናይ ስነ-ጥበበኛታት ሒቕታ ክሳዕ ክንደይ የሸግረና? ናይ ምጽሓፍ ሽውሃት ንኣብነት ንመዓልትታት፡ ወርሓት፡ ዓመታት ክዕጸወና ይኽእል'ዩ። ከም ምዕጻው ሽውሃት መግቢ ኒይሩ እንተ ዝኾነ'ሞ፡ ናብ ቤት-መድሃኒት ከይድካ ናይ ሽውሃት ከኒና ወይ ሽሮፕ ወይ መርፍእ ምውሳድ ምተኻእለ። ስለዚ፡ ከምዚ ናይ ምዕጻው ወይ ሒቕታ ኩነት ኪጋጥመና እንከሎ ግን እንታይ ንገብር? ዝብሉ ሕቶታት ከልዕል ግድን'ዩ።

ናብቲ ናይ ስነት ኣዳልሰን ሓሳብ ከነብል። ንሱ ከምዚ ይብል፤ ብዛዕባ'ዚ ኣባሀራሪ 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ዝበሃል ብዙሕ ተጻሒፉ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ብዙሓት ጸሓፍቲ - ብፍላይ ድማ ጀመርቲ - ኣብቲ ናይ ምጅማር ተመኩሮኦም በዚ ሒቕታ'ዚ ከይዕገቱ ብዙሕ ፍርሒ ይሓድሮም። ብዓገድ ሓቂ 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ዝተፈላለየ ኩነታትን ምኽንያታትን ዝገልጽ ተርእዮ እዩ። 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ንሓንቲ ዝጀመርካያ ጽሕፍቲ ብዓገቡእን ብወኒን ክትውድኣ ዘይምኽኣል፣ ዝኾነ ዝጀመርካዮ ዕዮ ጽሑፍ ብሓፈሻ ክትውድእ ዘይምኽኣል፣ ጽቡቕ ጽሑፍ ክትጽሕፍ ዘይምኽኣል፣ ወይ'ውን ፈጺምካ ምጽሓፍ ክትጀምር ዘይምኽኣል . . . ይምልከት።

እቲ ብዛዕባ 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ኣጸሪርካ ክፍለጥ ዝግባእ፡ እዚ ሒቕታ'ዚ ነብሪን ንዋይሕ እዋን ዝጸንሕ ከም ዘይኮነ ምርዳእ'ዩ። ዝበዝሐ እዋን ድማ ብዙሕ ጸሪ ከይሓለፈ ክፍወስ ዝኽእል'ዩ። ፈውሲ'ውን ኣይትርከበሉ፡ ግዜኡ ሓልዩ ባዕሉ ዝኸይድ'ዩ። ብዛዕባ 'ሒቕታ ጸሓፍቲ' ብዙሕ ትሰምዖ እንተ ኾንካ ስግኣትካ ኣወግዶ፣ ዝመጽእን ዝኸይድን ምዃኑ ፈሊጥካ ድማ ኣይትጨነቕ።

ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ክበሃል ዝከኣል ኣልና ዝገለጽናዮ ተርእዮ፡ ምጽሓፍ ዘይክኣሉ ካብ ምጽሓፍ ወጻኢ ዘሎ ነገር እዩ፤ ጻዕቂ ስራሕ፡ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ፡ ሕማም፡ ትሑት መኣዛዊ ኣመጋግባ፡ ዋሕዲ ድቃስ፡ ደረቱ ዝሓለፈ ሻቕሎት፡ ዘይምቹእነት ናይ ምጽሓፍ ሃዋህው (ከም ድኹም ብርሃን ወይ ዋሕዲ ጽሩይ ኣየር፡ ጽበት መስርሒ ቦታ፡ ወይ ብርቱዕ ድምጺ)፡ ብዘለሒ ማሰተ፡ ውልቃዊ ጸገማት (ንኣብነት፡ ሞት ናይ ቀረባ ቤተሰብ ወይ ምስ መጻምድትኻ ዘይምቅዳው)። ኣብ ከምዚ ዝመሰለ ኩነታት፡ ኑቲ ዘጋጠመካ ጉዳይ እትፈትሓሉ መንገዲ'ዩ ናይ ምጽሓፍ ወኒኻ ዘበራብር። ንኣብነት፡ ብዛዕባ ጥዕና ጓልካ ብቐጻሊ ትሻቐል እንተ ደኣ ኣሊኻ፡ ናይ ዘይምጽሓፍ ጸገምትካ ምስኡ ዝተኣሳሰር ይኾውን። ስለዚ፡ ኑቲ ክውንነት ተቐቢልካ ዝከኣለካ እናገበርካ ምሽቓል ክትገድፎ ኣሎካ ወይ ከኣ ክሳዕ እቲ ጸቕጢ ዘተሓዊ ኑቲ ሒቕታ ክትቅበሎ ኣሎካ። ብሓጺሩ ኣብ ፍጹም ሻቕሎት ወይ ጸቕጢ እንከለኻ ወጽኢታዊ ስራሕ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ካልእ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ንኣብነት ልዑል ምቕኒ ኣብ ዘለዎ ወቕቲ ክትጽሕፍ ትሸገር ኢኻ ንበል፤ ኣብዚ እዋንዚ ምስ ናይ ምጽሓፍ ወኒኻ ምቅላስ ኣየድልየካን'ዩ - ካልእ ንጥፈት ፈትን። ናይ ገለ ሕማም መድሃኒት እናወሰድካ ክትጽሕፍ ትጽገም ትኾውን፣ ኑቲ መድሃኒት ክሳዕ ትውድኦ ወይ ድማ ምስ ወሰድካ ክሳዕ ቅሩብ ዝሃድእ ጸኒሕካ ምጽሓፍ ክትጀምር ትግደድ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት እንተሎኻ ምስ ናይ ምጽሓፍ ወንኻ ምቅላስ ኣየድልየካን። ብዘመሳስል፡ ጠሚኻ ከለኻ ደዩ ምጽሓፍ ዝበርሃካ ወይስ ኣጸቢቕካ ምስ ጸገብካ? ኣኽቢድካ በሊዕካ ብቐጥታ ናብ ምጽሓፍ ምስ እትብል ኣእምሮኻ ኑቲ መግቢ ደዩ ክሕቕቕ ወይስ ኣብ ጽሕፈት'ዩ ክጽመድ?

ኣብ ገሊኡ መዳይ እዚ ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ ባህርያዊ ወይ ተራ ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ ከም ዝገለጽናዮ፡ ገለ ጸሓፍቲ ባህርያዊ ቅኒት ኣለዎም። እዚ ድማ ግዜ ሓልዩ ዝመጽእን ዝኸይድን እዩ። ኣብቲ ወናም ዝኸሸሉ እዋን ጸሓፍቲ እዚኣቶም ካብ ምጽሓፍ ይቑጠቡ ወይ ፍኹስ ዝበለ ነገር ጥራይ ይጽሕፉ። እዚ ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ'ዚ ኣካል ፈጠራዊ ስራሕ ጸሓፍቲ ክኾውን ይኽእል'ዩ። ኣብዚ ናይ ሒቕታ እዋን ጸሓፍቲ ነእምሮኦም ሰላም ክህብዎን ካብ ከቢድ ሓሳብ ሓራ ክውጽእዎን ኣለዎም።

ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ፡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል፡ ብሰንኪ'ቲ ሒዝካዮ ዘለኻ ዕዮ ዝስዕብ ክኸውን'ውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ሓደ ብዙሕ ዘይተደምዓሉ ጉዳይ ብዙሕ ግዜ ከተጥፍእ ትኽእል፣ ወይ'ውን ድኻም እናተሰምዓካ ከተዕርፍ ዝግበኣካ፡ ግድን ከውድኦ ኣሎኒ ዝብል ኒሕ ይሕዝካ። ኣብዚ ወኒ ርግጥ ኢሉ ዝዕጸወሉ እዋን ካልእ መንገዲ ምንዳይ ከም ዝሓይሽ ኣየማትእን። ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ነጥብታት ክንጠቅስ፤

- ኑቲ ክትጽሕፎ ዝጀመርካዮ'ሞ ዝኣበየካ ጉዳይካ ከም ብሓደሽ ጀምሮ። ደጊምካ እንተ ደኣ ተዓጊትካ፡ ኣገዑበ ቀይሮ። ካብቲ ሓሲብካዮ ዘለኻ ብዘፍለ መንገዲ ከተቕርቦ ፈትን። እቲ ክትጽሕፎ ዝሓሰብካን እቲ ዝመረጽካዮ ኣገዑበን ዘይሳነ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ዝተኸተልካዮ ኣገዑበ መርምሮ።

- ንገለ እዋን ካልእ ስራሕ ቀይር ወይ ካልእ ዛዕባ ኣልዒልካ ጽሓፍ፤ ጸኒሕካ ናብቲ ክትጽሕፎ ዝሓሰብካ ተመሊስ'ሞ ብሓደሽ ወኒ ጀምር። እንተ እብዩካ፡ ግደፎ። ቀስ ኢሉ ክመጽእ'ዩ። ሃወኽ ኣብ ስነ-ጥበብ ውድቀት'ምበር ዓወት ኣየምጽእን'ዩ።

- ኑቲ ዘይዓገበካ ክፋል ደጊምካ ጽሓፎ'ሞ ካብኡ ቐጽል።

- ብዘቐለለ ክትጽሕፎ እትኽእል - ንኣብነት ደብዳበ ማዕከር - ቀይር'ሞ ጸኒሕካ ናብ ጽሑፍካ ተመለስ።

- እትጽሕፈሉ "መኣስ"፡ "ኣበይ"፡ "ብኸመይ" ቀይር። ገለ እዋን ቦታ ምቕያር ሓደሽ መርኣዩን ሓይልን ክፈጥረልካ ይኽእል'ዩ። መዕየዩታት ምቕያር'ውን ክሕግዘካ ይኽእል'ዩ - ካብ ላፕቶፕ ብኢድ፣ ወይ ካብ ብኢድ ብድምጺ፡ ወዘተ።

- ብዘኸኣል ክበቢኻ ንምጽሓፍ ከም ዝሕግዘካ ግበሮ ኣዳልዎ።

- ነፍስኻ ካብቲ ዕዮ ገልሶ፤ ኬድካ ፊልም ርአ፡ ብእግርኻ ተጓዓዝ፡ ወይ መጽሓፍ ኣንብብ፤ ንሓጺር እዋን - ካብ ሰዓታት ክሳዕ ውሑዳት መዓልቲታት - ዝኾነ ነገር ካብ ምጽሓፍ ኣቋርጽ። ምስ ተረጋጋእካ ናብ ምጽሓፍ ተመለስ። ምጽሓፍ ኣብዩኻ ኣልካ ኣይትጨነቕ ወይ ምስኡ ህርዲግ ኣይትበል።

- ኑቲ ትጽሕፎ ዘለኻ ንገለ እዋን ካብ ጥቓኻ እለዮ - ንመዓልቲ፡ ሰሙን፡ ወይ ሰለስተ ወርሒ። ረስዖ። ጸኒሕካ ተመሊስካ ርአዮ'ሞ እንታይ ሓደሽ ነገር ከም ዘምጻእካ ኣለሊ።

- ዝገጠመካ ምዕጋት ክፍውስ ይኽእል'ዩ እትብሎ ነጥብታት ኩሉ ዘርዝሮ። እቲ ክትጉብሮ እትኽእል ምረጽ።

- ምስ ሰብ ብዛዕባ'ቲ ዘጋጠመካ ምዕጋት ሓሳብት ኣዕልል። ኣብ ፍታሕ ዘተኩረ ዝርርብ ድማ ኣካይድ።

- ንፍሰኻ ክትቕጽል ከም ዘለዋ ኣእምና። . . .

እዚታትን ብዙሕ ካልእን ከም መፍትሒ ክውሰድ ይከኣል'ዩ። እቲ ቀንዲ ነጥቢ ግን ነፍሲ-ወከፍ ስነ-ጥበበኛ ናይ ገዛእ-ርእሱ ክውንነት ከሎን ብእኡ ክምእዘንን ኣለዎ። ግጥሚ ምጽሓፍ ኣብዩዎም ዓመታት ዝጉበሩ ገጠምቲ ከም ዘለዉ ዘክር'ሞ ሒቕታኻ ኣብ ዝሃድኣሉ ጥራይ ጽሓፍ። ምስ ሒቕታኦም ዝጽሕፉ ብዙሓት እዮም። ዕዮታቶም ድማ ዝተብታተኸን ሒቕታ ዝፈጥርን ይኾኑ።

ብተወሳኺ፡ ኪጋጥም ንዘኽእል 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ፈውሲ ክኾውን ይኽእል ዝበሃል ገለ-ገለ ነጥብታት ከልዕል፤

- ጠንቂ፤ ኣብ ምጽሓፍ ይኹን ኣብ ካልእ፡ ንፍሰኻ ልዕሊ ዓቕማ ክትጉብር ምድላይ። መፍትሒ፤ ዓቕምኻ ኣለሊ። ተረጋጋእ።

- ጠንቂ፤ ገለ ነገር ክትጉብር ልዑል ድሌት ምህላው። መፍትሒ፤ ኑቲ ክትጉብሮ እትደሊ ብዝበለጸ ኣገዑበ ክትጉብሮ ከም እትኽእል ምፍላጥ። ንፍሰኻ 'ነዚ ዕዮ ብዝበለጸ ምስ ወዳእክዮ ዝበለጸ ህያብ ክሽልመኪ'የ' በላ። (ንኣብነት፡ ሓደ ዓቢ ስራሕ ምስ ሰራሕካ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ ናብ ካልእ ዓቢ ስራሕ ምቕማት ባጽዕ ወረድካ ንገለ መዓልታት ትዘናጋዕን ትሕደስን)።

- ጠንቂ፤ ትህኪት። መፍትሒ፤ ተሃኪኻ ከም ዘለኻ ንፍሰኻ እመናላ። ካብዚ ብምውጻእ ናብ ምጽሓፍ ክትሰግር ከም ዘለካ ድማ ኣእምና። . . .

እንተደኣ ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ ብዝተፈላለየ መልክዑ ብቐጻሊ ዘጋጥመካ ኩይኑ፡ ንህይወትካ ብሓፈሻ ክትምርምራ ከድልየካ'ዩ። ኑቲ ጠንቂ ከተለልዮ ኣለካ። ትሰርሓሉ ቦታ ደዩ ዘይመቸኣካ ዘሎ? ጽልኣት ኣብ ልዕሊ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት ደዩ ነገራት ደዩ ዘለካ? ኣብ መንጎ ስራሕካ ዝኸላልፍ ጉዳያት ደዩ ዘጋጥመካ? ኩነታት ኣየር ደዩ ዘሻቕለካ? እንታይ?

እዚ እቲ ካብ መጽሓፍ ስነት ኣዳልሰን ዝወሰድናዮ ሓሳባት'ዩ። ምስ ክውንነትና ብዝኸይድ ድማ ኣቕሪብናዮ። ንኹሉ ስነ-ጥበበኛ 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' የጋጥሞ'ዩ፤ ንኹሉ ብሓደ ዝገልግል መፍትሒ ግን የለን። ስለዚ፡ ኩነታትና ፈሊጥና ዝሰማምዓና ፈውሲ ክንወስድ ሓላፍነትና'ዩ።

ነዛ ጽሕፍቲ ኣብ ዝጽሕፈሉ ዝበርኩ ብዙሕ ናይ ምቕራጽ ፈተነ (ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ) ገጢሙኒ። ገለ ኻብኡ ንኻልእ ስራሕ ዝጸውዕ ኒይሩ። ንእኡ ወዲአ ምስ ተመለስኩ፡ በነ ዊን ኢሉኒ። በነ እናናተራእየኒ ክጽሕፍ ወሲነ ብዙሕ ክኸይድ ግን ኣይከኣልኩን። ኣብቲ እንዳ በነ ከይደ ቀልጢፈ ክምለስ ዝሓሰብኩዎ ዝፈልጦም ሰባት ሰለ ዝጸንሑኒ ምስኦም ዕላል ሒዘ፡ ብኡ ኣቢሉ ሰዓት ምሳሕ ኣኸሊ ግዛ ኸይደ። ኣብ ግዛ ዕዮ ግዛ ሰለ ዝጸንሓኒ ኣብኡ ተጸሚደ። ንምሸቱ ተመሊሰ ክጽሕፍ እንተ በልኩ ወይከ! 'ናይ ጸሓፍቲ ሒቕታ' ሐዘኒ እኽሎ'ዩ። ከም ዘይውዳእ የለን ክውድኣ ተቓለስ። ባዕልኻ እትጸውዖ 'ሒቕታ' ከም ዝበዝሕ ምዝኻር ከኣ ቀንዲ ፈውሲ እዩ።

## መኣዲ ብዙሓት

ቂሑጽልሚ ቅርጫት
መኣዲ ብዙሓት
ስፊ ንህቢ ይመስል
ብዓይኒ ዘዕንግል፣
ውሑዱ ሰሲኑ
ዘጽግብ ብኽዱኑ።

ሸሻይኪ በዚሑ
መዓልኪ ነዊሑ
ዓንዲ ሓጺን ኩኒ
ንብሪ ስኒ።

እንጀራ ንቡርብር
ሽዱድ ዘየፋቕር
እንጀራ ሽብዳዕዳዕ
ዘቕረብ ክልተ ሳዕ
ነገር ጽብጻባሕ
ኣይድራር ኣይምሳሕ።

መኣዲ ጉዩና የብላን ኢ.ያ ሻራ
ሓንቲ ኢ.ያ ጸሕልና ሓረራ መረራ
ፊትፊት ተባሂልና እታ ሓንቲ
ኽሮ
ተማሳሲን ኣልና ኢና ደቂስና
ንሓድሮ።

ኣይሓርስ ኣይምሕስ ወለላ
መልሓሱ
ሓደ ይብዝሕ ዳሱ፡ ጠበይኑ ዝሞሚሱ
ኣብውሉድ ኩይናም ብኹቡዲ
ይሓሰሱ
'ታይ ዘኾነ መኣዲ
ተዘይተሓዋዊሱ።

ስጋይ ስጋኻ ዘይብሉ መኣዲ
ዳንጋይ ዳንጋኻ ዘይብሉ ዓውዲ
ልዋም ዘይሕደሮ ምእሙን ንእዲ
ወገድ 'ታይለዮ ቀድዩ ዘይቀዳ።

በየነ ሃይለማርያም

## ኵርናዕ ስኣልቲ



ሽባብ
ሃማመተኤ

ሪፖርታዥ

# ተምሳጥ ዑደት ቦታ ጽንዓት

ስምኦን ወልደሚካኤል

ዝኽሪ መበል 47 ዓመት ምሕራር ከተማ ናቕፋ (23 መጋቢት) ንምብዓል ምስ ገለ መሳርሕተይ ብድሮ ካብ ኣስመራ ኣንጊህና ወጺእና። ብዓል ርሑቕ መገሻ እንተ ገስገስ'ዩ ዝሕሾ ኢልና ኣስመራ ብድቁሳ ኢና ወጺእና። እቲ ኣካይዳ ከምዚ ኣስመራ ደቂሳ እንከላ ኣዘንጊዕናያ ንወጽእ ዘለና ይመስል ነበረ። ማይተመናይ ወዲእና ጽርግያ ኣስመራ ከረን ሒዝና ተሃንፊፍና። ኩልና ካብ ኣስመራ ንምውጻእ ተሃዊኽና ግዲ ነይርና፡ ንኸድ ዝበልና እምበር ቀስ ንኽንብል ንመራሒ መኪና ዘዘኻኽር ሰብ ኣይነበረን።

ብስራሕ ምኽንያት ናቕፋ ብዙሕ እዋን ተመላሊሰያ ክንሰይ፡ ክሳብ ሕጂ ኣይጸገበክዋን። ናቕፋ ብኹለንትናኣ ትፍተወኒ። ኣዒንተይ ክርእየኦ ክሳብ ዝኽእላ የፈልለን። ካብ እምባ ናብ ሰንጭሮ፡ ካብ እንስሳ ናብ ገረብ፡ ካብ ሰብ ናብ ተፈጥሮ ይናጠራ፣ ርእየን ኣይጸግባ፡ ኣይደኽማ። እቲ ትርኢት ንኣእምሮ ስለ ዘበራብሮ ብዙሕ ሰእለ-ኣእምሮ ይኣወን። ኣዒንተ'ኻ ዘቕበላ'ኻ ትርኢታትን ኣእምሮ'ኻ ዝቐርበልካ ኣሳእልን እናበራረኻ ብምርኣይ ከይሰልከኻ ናቕፋ ትኣቱ። ልቢ ትግራይ ወርድ ምስ በልካ፡ ጀነራል ተሾመ እርገቱ፡ ኣዛዚ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ፡ ብሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ዝተጻወዶ ድባይ ዝተቐትለሉ ቦታ ምስ ረኣኻ፡ እቲ ዝበረ ዕግርግር ይረኣየካ። ከረን ሓሊፍካ ዑና ምስ በጻሕካ ኸኣ ከም ሕነ ናይዚ ጀነራል ሰለማዊ ህዝቢ ምስ ንብረቱን ጥሪቱን ከሰድድ፡ ክሕረድን ብዞመልከተለይ ብጥይት ክወድቑን እንከሎ ይረኣየካ።

ገንፈሎም ምስ በጻሕካ እታ 'ሳሕል ኢለን ተበጊሰን ንኽሓልፋ፡ ቀብጽኣ ሎምሰ'ባ የለን ተሰፋ' እትብል ሰውራዊት ደርፊ ናይ ንግስቲ ኒጎ ትዝክረካ። ደርግ ኑቲ ኣብ ናቕፋ ተኸቢቡ ናይ ርድኣኒ ኣውያት ዝፍኑ ዝነበረ ሰራዊቱ ንምድሓን ዝተመርጸ ሰራዊት ኣኻኺቡ ኣብ ታሕሳስ 1976 ኣብ ገንፈሎም ምስ ኣውረዶ፡ ተቐጥቂጡ ንድሕሪት ተመሊሱ'ዩ። እቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ መግዛእታዊ ሰራዊት ከኣ ውሑዳት ብራርያ ገዲፍካ ብምሉኡ ተደምሲሱ። ቀጺልካ ኮረሻ ትማስል ኣብ መንጎ ክልተ ጎቦ ጥልቕ ዝበለት ታሪኻዊ ክሳድ መሱሓሊት ትርከብ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መጋቢት 1988 ንናደው ደምሲሱ ኣፍዓበት ሓራ ንምውጻእ ምስ ወጠነ ክሳድ መሱሓሊት ናይ መውዳእታ መሕነቒት ናደው ክትከውን'ዩ ሰኢልዋ። ከም'ኡ ድማ ገበረ። ክፍለ-ሰራዊት 52 ዝሰርሖ ሓወልቲ ንዝኽርን ምስክርን ታሪኽ ኣብታ ክሳድ ደው ኢሉ ኣሎ። ግዞምዞም ቀልሃመትን ሓሊፍካ ኣፍዓበት ኢኻ ትኣቱ። ከተማ ኣፍዓበት ኣብቲ ብጸዕዳ ሑጻ ዝተሸፈነ ጎልጎል ኣርቂቕካ ዘኻስስኪያ ጣይታ እያ ትመስል። ክንቁርስ ምስ ወረድና ትንፋስ ክንመልስ ኣይደንገናን። ምድሪ ሳሕል መሰልቸው ድኣ ኣይኮነን እምበር፡ ሰተት ኣቢሉ ዝወስድ ጽርግያ የብሉን። እቲ ቦታ ጸንኩር'ዩ። እቲ ሰብ ከኣ ትኩርን ተሪርን። ጃኦግራፍያዊ ቅርጺ ኣብ ኣተሓሳስባን ባህርን ነብሩ ዘትርፎ ጽልዋ ኣሎ።

ካብ መስመር ዓፍዓበት-ናቕፋ ንጸማን ዘሎ ኩርባታት፡ እቶም ንሰራዊት ደርግ ዞማኸሩን ዝመርሑን ዝነበሩ ሶቭየታውያን ዝተማረኹሉ ሻባይ መንደር ብማዕዶ ይርአ። ካብ ኣፍዓበት ቀሩብ ሰጊም ኣቢልካ ግምግም ምስ በልካ፡ እታ ወዲ ትኹል "ናደው ዝተቐብረላ ዓባይ ሕሉም" እናበለ ዝደርፈላ ክሳድ ዓድሸሩም ትርከብ። ኣብቲ ዝፀንን ሰንጭሮን ብዙሓት ዝሓረራ ታንክታት ዛሕ ኢለን ኣለዋ። እቲ ካብ 17-19 መጋቢት 1988 ዝተኻየደ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ኑቲ ዝበለጸ ንብረትን ሰራዊትን ደርግ ዝበልዐ ባርዕ ዝተኣጉደሉ ቦታ'ዩ። እቲ በርቃዊ መጥቃዕቲ 'ሓመድ ደብ ናደው' ጥራይ ዘይኮነ ተሰፋ ናይቲ መግዛእታዊ ስርዓት'ውን ሓመድ ዘልሓሰ እዩ ነይሩ።

ኩብኩብ፡ ሓረስ ሓርማዝ፡ ቢዮ፡ ሩባ ሕዳይ ወዲእካ እናተጠዋወኻ ዝሕኮር እምባ ኣፍልቡ ነፈሑ ይቕበለካ። እቲ ወሩይ እምባ ደንደን ካብ መዛነኡ ጸብለል ኢሉ ብርእሱ ሰማይ ከርኩብ ዝሰብሰብ ዘሎ ይመስል። ብዙሕ እዋን፡ ጫፉ ከም ጻዕዳ ዕማመት ዝኸልቡብ ግመ ምስ ተሸፈነ'ዩ። ተፈጥሮ፡ ንናቕፋ ክሕሉ ዘቖሙ ገዋድ ዋርድያ ይመስል። የማን ጺጋሙ ብዙሓት ኳዕናናት ጎቦታት'ኳ እንተሃለዉ ብጉልበት ደንደን ጃጅየም ዘደሃንሉ ይመስሉ። እቲ ዓቐብ እታ ምኽሕቲ መኪና'ውን ከይላህልሆት ኣይትወጽኦን እያ። ንእምባ ደንደን ንጸልኢ ቀዲሞም ብምውጻእ ኣፍደገ ናቕፋ ክሳብ ምሉእ ዓወት ሽጊጦም ዝሓዙ ተጋደልቲ እንታይ ዝበለ ብርኪ ነይሮም ኢልካ ተስተንክር።

ዓቐብ ውዲእካ ዝጥን ውጽእ ምስ በልካ 'እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም ናብ ቦታ ጽንዓት' ዝብል ዓቢ ታቤላ ይቕበለካ። መራሒ መኪና ከምዚ ጉይይ ውዒሉ ብዘይ ተቓጺጺ ናይ መውዳእታ መስመር ዝረገጸ ጎይዩ ሓሂኑ ሓሊፉ። ብዘይካ'ዚ ኣብቲ ዝጥን ኣሰማት ናይ'ቲ ኣብ 180 ኪ.ሜ ዝዝርጋሕ የማናይን ጸጋማይን ግንባር ናቕፋ ኣብ ዓቢ ሰሌዳ ተጻሒፉ ኣሎ። ኣብቲ ክሳብ ሕጂ ዘይፈረሰ ድፍዓት "ዕርዲ ሓርበኛታት ኤርትራዊ ቅርሲ" ዝብል ጽሑፍ ተተኺሉ መጽኣኒ። ኑቲ ኣብቲ ድፍዓት'ቲ ዝተፈጸመ ታሪኽ ካብ ምጽሓፍን ምንጋርን ወጺኢ እንታይ ክግበር ይከኣል ኢለ'ውን ንኡብሰይ ብሕቶ ቀንጢኸዮ። ኣብቲ ድሕሪ ምዝላቕ ከም ናይ መውዳእታ ናይ መከላኸሊ መስመር ተገዲሞም ጸላኢ ዘይሃጥሮ ደጎል ዝኾኑ ሰውራውያን መንእሰያት ይረኣዩኒ። ንትብዓቶም ብኸመይ ትዕቅኖን ትገልጾን? ንዝበርም ራእይን ተሰፋን'ከ? እምነቶም'ከ? "ምርኣይ ምእማን'ዩ" ንዝብል ኣበሃህላ ደርብዮም ኑቲ ውሽጦም ዝኣመና ክርእዩ ዝኸኣሉ እንታይ ኢልና ንስመዮም? ዓንዲ ሕቖ ናይ'ዞም ንፈልጦም ቃላት ንትርጉም ናይ ተጋዳላይ ክጸውር ዓቕሚ ኣለዎ ደዩ?

ሕቶታት ቡጠዘመጽዎ እናተዋህለሉ ዓቢ ናይ ሕቶ ውሕጅ ፈጠሮም። ቡቲ ውሕጅ ናይ ሕቶታት ከይውሰድ ዘናግፈኒ መልሲ ብዘይ ምርካበይ ግን ኣይፈራሕኩን። ሕቶ ግድን ክምለስ ዘለዎ ነገር ኣይኮነን። ከም ፍሩይ ማይ ዘርጡበጡብ እናበሉ ዝወቕዑኻ ሕቶታት ተረኩቡቲ ኣይኮኑን። ፍሩያት ሕቶታት ካብ መልሲታት ዘይርከብ መኣዛ ዝሓዙ ሃብቲ ኑብሲ እዮም። ሕቶ ዝሰኣኑት ኑብሲ ቀምሳል እያ። ቡብዕለቱ ንዝረኽቦ መልሲ እናለቐመት ካብ ዓመት ናብ ዓመት ትሳገር ህይወት ተሃራፊት ኣይኮነትን። ህይወት ብሕቶ እያ ትጀርድን፣ ጀርዲን ብጀርዲኑ ዓምበባትን ፈራይትን ጀርዲን። እዚ እምነት'ዚ መልሲ ስኢነ ኢለ ካብ ምጭናቕ ኣድሒኑኒ። ምስ ሕቶይ ከይደ፡ ምስ ሕቶይ ከኣ ተመሊሰ - ኣሰይ ፈጠርለይ ዘሕሱብ ሕቶ'ኳ ረኺበ።

ቀዳም ዕለት 23 መጋቢት፡ መበል 47 ዓመት ምሕራር ናቕፋ ኣብ ድፋዓት ፋርኤሎ ምስ ተቐማጦ ናቕፋ ተሓዊሰ ኣብዒልዩ። ሚኒስተር ልኡል ገብረኣብ እትርከቦም ኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን'ውን ካብ ኣስመራ ተጓዒዞም ተኻፊልቲ በረኸት ናይ'ቲ ጽንበል ኮኑ። ኣብቲ ድፍዓት ኣቲና ተዘዋዊርና፡ ሰኢልና፡ ተሳኢልና፡ ኣስተንኪርና። ኣብቲ ቦታ ብዝነበሩ ተጋደልቲ ዝተዋህበ መግለጺ'ውን ሰሚዕና፣ ኣስተማቒርና።

ተራኣ በጺሑ ኣማሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ክትዛረብ ኣፍ ከፈታ። ዝተኸፍተ ኣፉ ቃል ቀድሚ ምምላቑ ግን ኣብ ገጻ ፍሉይ ስምዒት ተነበ። ቅድሚ 47 ዓመት ኣብቲ ቦታ ታሪኽ ክሰርሕ እንከሎ ዓይና ዝረአዮ ኩሉ ይቕጀላ ምንባሩ ኣብ ገጻ ይንበብ ነበረ። ንዓና'ውን ቃላት ክፈጥርዎ ዘይከኣሉ ስእሊ ሕሉፍ፡ ኣብ ገጽ ተጋዳሊት ጫሒ ኢሉ ተራእየና።

ሰብ ትማልን ሎምን ጥቓ ንጥቓ ኮፍ ክበሉ እንከለው፡ ብቐለሉን ቀልጢፎምን እዮም ዝረዳድኡ። ኣብ ፈርኤሎ ህጻናት ተመሃሮ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ከም'ኡ'ውን ገዳይም ተጋደልቲ ላዕለዎት ሓለፍቲ ብሓንሳብ ኮፍ ምስ በልና፡ ከም ደቂ ሓደ ክፍሊ ተመሃሮ መሰልና። ብናይ ሓባር ታሪኽ ዝተጠረዙ ተመሃሮ። ካብቲ ኣብ ወሰን እቲ ሩባ ዝተደኮነ ቦታ ጽንበል ዝፍኖ ዝነበረ መዚቃ ናብ ኩሉ እቲ ጎቦ ተባጽሐ። እታ ሰንጭሮ ብበጽሕቲ፡ መዚቃ፡ መኻይን፡ ግጥምታትን ለበዋን ኣዕለቕለቐት። ልቢ ኤርትራ ኮይና'ውን ተሰምዐትኒ። ኑቲ ኣብኡ ዝነበረ ናብ ምልእቲ ኤርትራ እትጭንገዕ ልቢ። እቲ ኣብኡ ዝነበረ ግሁር ስምዒት ንምልእቲ ኤርትራ'ውን ዘፍልሕ ሓይሊ ነበሮ። ዝኽሪ ፈውሲ'ዩ። ብዙሕ ሰብ ኣብኡ ክፍወስ ኣርፊዱ።

መንእሰያት 70ታትን 80ታትን ናባኡ ክምለሱ'ሞ ከም ብሓድሽ ተሓዲሶም፡ ንኢሶም ክምለሱ ተመንዩሎም። ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳራት፡ ማሕበራት ከኣ ኑቲ ኣብ ትሕቲኦን ዘሎ መንእሰይ ጠርኒፈን ናብ ድፍዓት ናቕፋ ክበጽሓ መደብ እንተ ዘሰርዓ ጽቡቕ ነይሩ። መንእሰያትና ኣብ "እንታይ ኣሎ ሓድሽ" ጥራይ ከይተሓጽሩ፡ "ከመይ ነበረ፡ እንታይ ተሓልፈ" ኢሎም ክሓቱን ክስተንትኑን ኣብ ዓመት ሓንሳብ ካብቲ ንቡር መዓልታዊ ስራሕ መሺትና ነውጽኣዮም። ከምቲ ኣብ ሎሚ ኳንና ንሕሉፍን ንመጻእን ከነማዕዱ ቀልባዕባዕ ንበል፡ ኣብ መድረኽ ሕሉፍ ደው ኢልና ንሎሚን ጸባሕን ከነማዕዱ ታሪኽ ናብ ዝተሰርሓሎም ቦታታት ዘወር ንበል።





ስእሊ፡ ክብሮም ኣለም

መኣረምታ፦ ኣብ ሰእሊ ምሉእ ብምሉእ፡ ኣብ ትሕዝቶ ድማ ምጡን መኣረምታ ተገይርሉ ዳግም ቀሪቡ ኣሎ። ኣንበብቲ በዚ ዝተኣረመ ክከብሉና ንሕብር።

# ሞራልን ምክትታልን፡ ምስጢር ንፉዕ ተማሃራይ!

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ቀዳም 28 ሚያዝያ፡ ነቶም ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 8ይ ክፍሊ፡ ልዕሊ 95 ነጥቢ ኣምጺኦም ዝሓለፉ፡ 90 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 165 ተማሃሮ፡ ሞራልን ምትብባዕን ዝረኸቡሉ ወለዲን መማህራንን እውን ብፍረ-ሓጊሶኩም ኣሎ፡፡

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶን ክፍለ ብዝሃቦ፡ ንማበል ሳልሳይ ግዜኡ ዝወሃብ ዘሎ ሽልማት ፊተውራሪ፡ ኣብ ተማሃሮ ቅዱስ ቅንኣን ተገዲሰኦትን ጸዕሪ ደቆም ዝተሓገዙሉ ተዘክሮት ዕለት'ያ ኒይራ፡፡ እቲ ኢጋጥሚ፡ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ነቶም ዕዉታት ተማሃሮ፡ ኣብ ኣደራሽ ዞባ ማእከል ሽልማት ፊተውራሪ ዝዳደሉ ከይኑ፡ ተሸለምቲ ካብ ኣድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ፡ እኹል መጻሕፍቲ 10ይ ክፍሊ ተሸሊሞምን ንጹብሉልታኦም ዝገልጽ ምስክር ወረቐት ተዓዲሎምን፡፡

ኣብቲ ስነስርዓት፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ ሽልማት ፊተውራሪ ንተማሃሮ ዝሃዳ ንኽጽዕቱ ደርኸት ዝፈጥርን ኣረኣእያኦም ክስፍሐ ዝሕግዝን ስለዝኾነ፡ ኣድማዕነቱ ዕዙዝዩ ኢሉ፡፡ ተሸለምቲ ተማሃሮ፡ ወጻኢት ዘቋርጽ ምኽታልን ምትብባዕን መማህራኖምን ወለዶምን ስለ ዝኾኑ ከኣ፡ ንወለድን መማህራንን እንቋዕ ኣሕደሩ፡ ዝሃዳ ንኽመራመሩን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንኽበጽሑን ዝዋለ ምኽኑ ብምሕባር፡ ንወለዲ፡ ተማሃሮን መማህራንን እንቋዕ ሓጊሶኩም ኢሉ፡፡ ኣቶ ሳምሶን ኣስዒቡ፡ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል፡ ካብቲ "ብቦልንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ምህናጽ" ዝብል ራኢ ተበጊሱ፡ ንቅሓት ተማሃሮ ንምብራኽ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዘለዎ ሰሸኻዊ ስልጠናታት፡ ገጠራትን ሰሚናራትን ከም ዘካይድ ብምግላጽ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት፡ ነቶም ካብ ሰለስተ ገጠራት ዞባ ማእከል ዝመጹ ልዕሊ 90 ሚኢታዊት ነጥቢ ዘምጽኡ፤ ነቶም ካብ ከተማ ዞባ ማእከል ዝመጹ ድማ ልዕሊ 95 ሚኢታዊት ነጥቢ ዘምጽኡ ተማሃሮ ዝዕደል ዘሎ ምዃኑ ኣረዲኡ፡፡

ድሕሪቲ፡ ብሰውራዊ ደርፍታት ተሰነዩ ዝተኻየደ ድሙቕ ስነስርዓት ሽልማት፡ ንገለ ካብ ተሸለምቲን ወለዶምን ኣዘራሪብና ኒይራ፡፡ ፈለማ ዝዘወከስናዮ ኣቶ ናስር ጣህር እዩ፡፡ ኣቶ ናስር፡ 95% ነጥቢ ኣምጺኣ ሽልማት ፊተውራሪ ንዝዮተረት ጓሉ ተማሃሪት ሪታጅ ከሰኒዩ መጺኡ፡፡ ንሱ፡ ንጓሉ ከም ዝከታተላ ጓሉ'ውን ጻዕራም ምዃና፡ ዚ ከኣ ደገፍ መማህራን ተሓዊሱዎ ምዕዋታ፡ ከምዘሐገሶ ኣረዲኡ፡፡ ተማሃሪት ሪታጅ ብወገና፡ ክትዕወት ዝኸኣለት፡ ኣብ ልዕል'ቲ ዝገበረላ ምኽትታል፡ ንግዜኣ ስለ ዘመሓደረት ኩይኑ፡ ነቲ ሽልማት ምዕታራ ሞራልን ሓጎሰን ከምዝፈጠረላ ሓቢራ፡፡

ወ/ሮ ናዝሬት ገብረእግዚኣብሄር እውን ንወዳ ተማሃራይ ሃኒኤል ሰዒም ከተሰኒያ መጺኣ፡፡ ንሳን በዓል ቤታን፡ ንወላዶም ካብ መባእታ ጀሚሮም፡ ኣብ ትምህርቱን ኣብ ኣጠቓቕማ ግዜኡን ዘድሊ ሓገዝን ሞራልን እናሃቡ ከምዝከታተልዎ ብምሕባር ከኣ፡ ሎሚ ሽልማት ፊተውራሪ ክዮትር ምብቃዑ፡ ፍሉይ ሓጎስ ከምዝፈጠረላ ገሊጻ፡፡ ከምቲ 'ስብ ዝዘርኦ ዝዐጽድ'፡ ነቶም ናይ ድቃስን ጸወታን ግዜኦም ሰዊኦም፡ ንግዜኦም ኣብ ትምህርትን መጽናዕትን ኣሕሊፎም ኣብ ዓወት ዝበጽሑ ተሸለምትን ወለዶምን ከኣ የሃና ኢላ፡፡ ወ/ሮ ናዝሬት ኣሰዒባ፡ "ተማሃሮ ደቅና ተቐቢልቲ ሕድሪየም፡ ኣብ ወሻጦም ዘሎ ብቑዓትን ክእለትን ወጺኡ ንሃገር ከምዝዕብል ከኣ፡ ወለዲ ኣብ ልዕሊኦም ፍቕሪ እናርኣና፡ ካብ ግዜ ንእሰነቶም ቡታ ክኸዱላ ዘለዎም መገዲ ከይተሓለልና ክንመርሖም ይግባእና" ብምባል፡ ሽልማት ፊተውራሪ ንዘወደበ ሃማመተኤ ኣመስጊና፡፡ ነቲ ሽልማት 96% ነጥቢ ብምምጻእ ዝተዓወተሉ ወዳ ተማሃራይ ሃኒኤል ሰዒም ብወገኑ፡ ዚ ዝሃዳ ሓለፍቲ ዘሕጎም ምዃኑ ዝገልጽ ሽልማት ክዮትርን ኣብ ዓወት ክበጽሐን ዝኸኣለ ሳላ ወጻኢት ውልቃዊ ጻዕሩ፡ ዘይጸልፍ ደገፍ ወለዱን ምትብባዕ መማህራኑን ምዃኑ ገሊጹ፡፡ ውሕሉል ሜላ ናይ ኣጸናንዓ፡ ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃም፡ ተወሳኺ ትምህርቲ ምምሃርን ሓገዝቲ መጻሕፍቲ ምንባብን ከም ኡ'ውን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሓካ ዝኽእል ራእይ ምሓዝ፡ ካብቲ ክዕወት ዝገበሮ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ብሕጂ'ውን ጻዕሩ ቀጺሉ፡ 'ሶፍትዌር ኢንጂነር' ኣጻኒዑ ክምረቕ ከምዝደሊ ሓቢሩ፡፡

"ደቅና፡ ከምዚ ዓይነት ወጻኢት ኣምጺኦም ክሽለሙን ንሕና ክንሕጎሰን ምኽኣልና ናይ ብሓቂ'የ ተሓጒሰ ዘሎኹ" ዝበለና ድማ፡ ኣብ መኩሳን ኅንጻስን ሓበሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሓላፊ ጨንፈር ስፖርት ሚጀር ተስፋዝጊ ሃብታይ (ሆቺሚን) እዩ፡፡ ሚጀር ተስፋዝጊ፡ ንወላዱ ተማሃራይ ህያብ፡ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ምትብባዕን ቤት ትምህርቲ እናኸደ ምኽትታልን ስለ ዝገበረሉ፡ ሎሚ ወጻኢት ድኻሙ ክሓፍስ ምብቅዑ ከምዘሐበኖ ገሊጹ፡፡ ኣብ ጀነራል 97% ኣምጺኡ ተሸሊሙ ዘሎ ወዱ ተማሃራይ ህያብ ተስፋዝጊ ድማ፡ ዚ ሽልማት ክዕወተሉ ዝኸኣለ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝገበረሉ ምኽትታል፡ ምስ ዓርኩን መጽሓፉን ብምፍኳ፡ ንግዜኦም ብግቡእ እናመሓደሩ ብቐጻሊ ስለዘጽንዑን ቤት ንቡብ ስለ ዝኸዱን ኣብዚ ደረጃ ከምዝበጽሑ ገሊጹ፡፡ ኣብ ቀጻሊ ብኮምፕዩተር ኢንጂነሪን ክምረቕ፡ ጸወታ ከነሶ ሰከይት ስለ ዝጻወት ከኣ ብእኡ ኣብ ዝለዓለ ክበጽሕ ደሊቱ ምዃኑ'ውን ሓቢሩና፡፡

ተማሃራይ የሴፍ ሳሙኤል፡ 96% ነጥቢ ብምምጻእ፡ ሽልማት ፊተውራሪ ክዮትር ዝጠቐዐዩ፡ ንሱ፡ ካብ መባእታ ጀሚሩ ልዑል ምኽትታልን ደገፍን ወለዱ ስለ ዝተገበረሉ፡ ኣብ ትምህርቱ ተገዲሱ ከሕደርን ዚ ሽልማት ክዕወተሉን ከምዘጠቐዐ ሓቢሩ፡፡ ምስጢር ዓወቱ፡ ኣብ ክፍሊ ብጽሞና ምኽትታል፡ ዝተዋህቦ ዕዮ ገዛ ብግቡእ ምስራሕ፡ ኣብ ልዕሊ መማህራኑ ፍቕርን ኣኽብሮትን ምህላው፡ ኣብ ገዛ ዘጋጥሙ ስእታት ምፍላይ፡ ከም ኡ'ውን ምዕባዩ ሓፍቱ ተማሃሪት ምስጋና ሳሙኤል ስለእተረድኦ ምዃኑ'ውን ገሊጹ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ንወለዱ ኣቶ ሳሙኤል ተስፋማርያምን ንወላዲቱ ወ/ሮ ብርኽቲ ሃይለማርያምን ልባዊ ምስጋናኡ ኣመሓላሊፉ፡፡ ወላዲቱ ወ/ሮ ብርኽቲ ሃይለማርያም ብወገና፡ ንሳን በዓል ቤታን ንወላዶም ዓቕሞም ዘፍቅዶ እናገበሩን ሓለፍቲ እናሰከሙን ከም ዝከታተልዎ ብምግላጽ፡ ሎሚ ሓደ ካብ ተዓወትቲ ናይዚ ክቡር ሽልማት ክኸውን ምብቃዑ፡ ፍሉይ ሞራልን ሓጎሰን ከምዝፈጠረላ ገሊጻ፡፡ "ሕያዋቕ ተማሃራይ ዝበሃል የለን፡ እቲ ፍልልይ ናይ ምኽትታል ጉዳይ'ዩ" ዝበለት ወ/ሮ ብርኽቲ፡ "ወለዲ ጽባሕ ንግሆ ብደቅና መታን ክንሕጎስ፡ ሎሚ ድኻምና ከይጸብጸብና ክንከታተሎም ኣሎና" ክትብል ተላቢዩ፡፡

ተማሃራይ ሃያብ ኩሓሰ፡ ሓደ ካብቶም ዝለዓለ ነጥቢ ማለት 98% ብምምጻእ፡ ሽልማት ፊተውራሪን መዳልያን ዝዮተሩ እዩ፡፡ ንሱ፡ ልዑል ምትብባዕ ወለዱ፡ ውልቃዊ ጻዕሩን ሞራል መማህራትን ኣብዚ ዓወት ክበጽሕ ከምዝገበሮ ከኣ ይሕብር፡፡ እኹል ናይ መጽናዕቲ ግዜ ምህላውን ካብ ኣብ ግዜ ፈተና ካብ መጀመርያ ምድላውን ከኣ፡ ምስጢር ዓወቱ ምዃናም ተመክሮኡ ብምክፋል፡ በዚ ዘለዎ ቀጻሊ፡ ብኮምፕዩተር ኢንጂነሪን ክምረቕ ከምዝደሊ ሓቢሩ፡፡ "ውሉድካ ዝለዓለ ነጥቢ ኣምጺኡ ክሽለም ክትርእዮ ከለኻ ክትገልጾ ዘይትኽእል ሓጎሰዩ ዝስምዓካ፡፡ ኣነ ከኣ ናይ ብሓቂ ተሓጒሰን ተሓቢነን ኣለኹ" ዝበለና ከኣ ወላዲኡ ኣቶ ኩሓሰ ታደሰ እዩ፡፡ ኣቶ ኩሓሰ፡ ንወላዱ መጻሕፍቲ ምግዛእ ኩሉ ካልእ ዘድልዮ ነገራት እናማልአ ብዕቱብ ከምዝከታተሎ ጠቒሱ፡ ወለዲ ኣብ ምኽትታል ውላዶም ክበርትዑ ከምዝደልዩ ኣዘኻኺሩ፡፡ ሽልማት ፊተውራሪ ደራኺ ሓይሊ ስለ ዝኾነ፡ ብዝበለጸ ክቕጽል ከኣ ተላቢዩ፡፡

ተማሃሪት ተስኒን ሑሴን 96.4% ኣምጺኣ ሽልማት ፊተውራሪ ዝዮተረት እያ፡፡ ኣብዚ ደረጃ ዝበጽሐት ሳላ ልዑል ሓገዝን ምትብባዕን ወለዳ ምዃኑ ድማ ትሕብር፡፡ ብፍላይ ወላዲታ ወ/ሮ ነጃት ዓብደልቃደር፡ ኣብ ርእሲ'ቲ እትህባ ሞራልን ምትብባዕን ስራሕ ገዛ ባዕላ እናዓመመት፡ ኣብ መጽናዕታን ትምህርታን ጥራይ ከተተኩር ስለ እትገብራ፡ እዚ ኣብ ትምህርታ ክትተፍዕን ዚ ሽልማት ክትዓትርን ከምዝሓገዛ ትገልጽ፡፡ ኣብ መጻኢ ጸዕራ ኣብርቲዓ ብሕውሮ ስርጀሪ ክትምረቕ ከም እትደሊ'ውን ሓቢራ፡፡ ወላዲታ ወ/ሮ ነጃት ዓብደልቃድር ብወገና፡ ኣብ ልዕሊ ጓላ ዓቕማ ዘፍቅዶ ዝገበረቶ ወፍርን ሓገዝን ሎሚ ፍረ ክትሓፍስሉ ብምብቃዓ፡ ንዓኣ ፍሉይ ኩርዓትን ሓጎስን፡ ንጓላ ድማ፡ ትብዓትን ምትብባዕን ምዃኑ ገሊጻ፡፡ ብሕጂ'ውን ጓላ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ክሳብ እትበጽሕ፡ ብኸሉ ክትድግፋ ቅሩብቲ ምዃና ኣረዲኣ፡፡

ወ/ሮ ማርታ ኣለም'ውን፡ ኣብ ጀነራል 96.4% ነጥቢ ብምምዝጋብ ሽልማት ፊተውራሪ ንዝዮተረት ጓላ ተማሃሪት ኤልያና ንኸሰነየ፡ ኣብቲ ኢጋጥሚ ዝርከበት እያ፡፡ ንሳ፡ "እዚ ዝተዓደለ ሽልማት ፊተውራሪ ብቐንዱ ፍረ ጻዕሪ ናይ ደቃና ስለ ዝኾነ ብዘይ ማጠን ተሓጒሰ እየ ዘለኹ" ድሕሪ ምባል፡ ንጓላ ኣብ ትምህርታ ንኽትተፍዕ ዘድልያ እናቐረበት፡ ኣብ ገዛ ግዜኣ ብዝግቡእ ክትጥቀመሉ እናተኸታተለት፡ ጸዐቒ ስራሕ ገዛ እናወሓደት ከም እተከታተላ ትገልጽ፡፡ ከምዚ ዓይነት ሽልማት፡ ንተማሃሮ ሞራል ዝህብ ስለ ዝኾነ ንወደብቲ ናይዚ ሽልማት ኣመስጊና፡፡ ጓላ ተማሃሪት ኤልያና ብርሃነ ብወገና፡ ደገፍ ወለዳ ከይተፈልያ፡ ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ ብምንባብ፡ ቤት ንቡብ ብምኻድ፡ ናይ ጀነራል ሕቶታት ብምስራሕ፡ ኣብ ገዛ ድማ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ብምፍላይ፡ ኣብ ፈተና ክትዕወትን ዚ ሽልማት ክትዓትርን ከምዘጠቐዐት ተረዲኣ፡፡ ካልኦት ተማሃሮ'ውን ተስፋ ከይቆረጹ ክጽዕሩ ኣዘኻኺራ፡፡



ወ/ሮ ብርኽቲ ምስ ተማሃራይ ዮሴፍ


ኣቶ ናስር ምስ ተማሃሪት ሪታጅ



ኣቶ ክሓሰ ምስ ተማሃራይ ሃያብ



ወ/ሮ ማርታ ምስ ተማሃሪት ኤልያና



ሚጀር ተስፋዝጊ ምስ ተማሃራይ ህያብ



ወ/ሮ ናዝሬት ምስ ተማሃራይ ሃኒኤል



ወ/ሮ ነጃት ምስ ተማሃሪት ተስኒን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ት/ዕድመ ሩታ የማነ ዐቅባይ ምባል ተረፉ፣ ሩታ የማነ ዐቅባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ሰብሪ ረዘነ የውሃንስ፡ ብመንገዲ ወከሉ ኣበሉ፡ ዓባይና ኣፍ/ለተሚካኤል መሓሪ ሞሳዘጊ ስለዝዋረፈት፡ 2 ደቃ መውትቲ ስለዝኾና ተተኪእቲ ደቃን ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ዑቕባልደት፡ በዓል ቤተይ ተስፋይ ወልዱ ኀይትኦም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ራሄል ኣማኑኤል ተኸለይ፡ ተጸዋዒ ምሕረትኣብ ሃደለ ናይ ሞባይትካት ክርክር ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንገ28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቀረብ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብርሀት ኢያሱ ድቼ ኣዴና ሰርጌንተ ኣዜብ ዘርኣ ገብረኣምላኽ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ት ድያና ሚካኤል፡ ኣደይ ወይኒ ስዩም ወልደሰላሴ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሙብራት ሃብተ ተኸለ፡ በዓል ቤተይ ረዘነ ጸጋይ ሰሎሙን ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ4/6/24 ኣብ ቤ/ፍቁ.49 ይቕረብ።

ብስራት የሴፍ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፣ ብስራት የሴፍ ኣብርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሸዊት ሳሙኤል ፍስሃ፡ ኣቦሓጎይ ፍስሃ ተሰፉ ግደን ዓዋይ ዑቕባ ተሰፋዝጊ ኣወዓልምን ስለዝዋረፋ፣ ኣነ ነቦይ ተከአ ምስ 6 ኣሕዋተይ ሓወቦታተይን ኣሞታተይን ተተኪእቲ ደቆምን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ዛይድ ወልደዝብርኤል፡ በዓል ቤተይ ተሰፋማርያም በየን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ዊልያም ሰዒድ ኢብራሂም፡ ኣደይ ኣለም ኣተሸም ገብረሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ተኽለሃይማኖት ኣስፍሃ ስበሓቱ፡ ኣደይ ኣሰሉ ተኽለእየሱስ ወልደጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርኢጋብር የውሃንስ ገብረመስቀል፡ ኣቦና የውሃንስ ገብረመስቀል ዘርኣይን ኣዴና ሂወት ዘወልዲ ኢማምን ስለዝዋረፋ፣ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምስዮና ኣብርሃ ግደ ምባል ተረፉ፣ ምስዮና ኣብርሀ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ምስዮና ተፈሪ ማስፍን ምባል ተረፉ፣ ተማሰገን ተፈሪ ማስፍን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሰምሃር ንጉስ ኣብርሃ፡ ስም ኣደይ ኣብርሃት ዑቕባሚካኤል ምባል ተረፉ፣ ኣብርሀት ዑቕባዝብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣለክሳንደር ፍረዝጊ ወልደሰላሴ ምባል ተረፉ፣ ኣለክሳንደር ፍረዝጊ ወልደትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰለማዊት ተከኤ ኣስፍሃ፡ ኣቦና ተከኤ ኣስፍሃ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ት የርዳኖስ በየነ ስበሓት፡ ሓፍተይ ኣለም በየነ ስበሓት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርኣይ ወልደሚካኤል ግርማጽዮንን ወ/ሮ ኣስመረት የሴፍ ገብረትንሳኤን፡ ወድና ኣብርሃም ዘርኣይ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንሕና ወራስቱ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጅርም ዘርኣሃይማኖት ወልደኪዳን፡ በዓል ቤተይ ርእሶም ሰሎሙን ገብረሃዋርያት ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ተማሰገን እምባዬ ደጀኑ፡ ኣቦይ እምባዬ ደጀን ገብራይ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይን ተተኪእቲ ደቆምን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣምና መንስርቃሰም፡ ስም ኣደይ ለምለም ግርሙ ሓጎስ ምባል ተረፉ፣ ዘይኑብ ግርሙ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰላም መሉጌታ ወልደሃዋርያት፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሰምረት ሳሙኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ መኣዛ ተኽለሃይማኖት ካሕሳይ፡ በዓል ቤተይ ፍረዝጊ ተከኤ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ብርሃ ተከስተ ክፍሉ ምባል ተረፉ፣ ብርሃ ከስተ ክፍሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ኣቶ የናስ ብርሃ ተኸለ፡ ኣደይ ቅዱሳን ኣብርሃ ሃብተስላሴ ስለዝተሰወአት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

መሓመድ ጀማል ጣሁ፡ ስም ኣደይ ዓእሻ መሓመድ ብርሃኑ ምባል ተረፉ፣ ዓእሻ መሓመድሰዒድ ብርሃኑ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ሃይለማርያም እንድርያስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ግርማይ ተስፋይ ሃብቱ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ንገ30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ተወልደ ገዝሀይ ሓጎስ፡ ኣደይ ንግስቲ ግርማጼን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ይሕደጎ ርእሶም፡ በዓል ቤተይ ግርማይ ተስፋይ ፍስሃዬ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለትም፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ማስፍን ጸጋይ፡ በዓል ቤተይ በየነ ተኸስተ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም የውሃንስ ተስፋሚካኤል፡ ወለደይ የውሃንስ ተስፋሚካኤልን ኣምለሰት ገብረሂወትን ስለዝዋረፋ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሳባ ሀብትዝጊ ዑቕባዝጊ፡ ሓወይ ኣማንኤል ሀብትዝጊ ዑቕባዝጊ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን ተተኪእቲ ደቆምን ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ27/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲት ሰላም ክብሮም ኣማኑኤል፡ ተጸዋዒ ኣቶ የናስ ፍስሃዬ ገብረማርያም፡ ናይ ፍትሕ ምጽዳቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ሰሎሙን ገዛኢ ገብረሚካኤል ተኸሳስቲ ወረ/ፍ ብርሃ ገዛኢ ገብረሚካኤል፡ 1.በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ እልልታ ተስፋይ ክፍለ 2.ኣቶ ኖህ ብርሃ ገዛኢ 3.ኣቶ ሰም ብርሃ ገዛኢ 4.ኣቶ ፔትሮስ ብርሃ ገዛኢ ናይ ትእዛዝ ክሲ ተመስሪትልኩም ስለዘሎ፡ ንገ31/5/24 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ተኽለሃይማኖት ኣረጋይ፡ ኣደይ ተብርህ የዕበዮ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ28/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.1 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ሓበን ኪዳን ተኽለሃይማኖት፡ ስም ኣደይ ምልእተ ኢሳቅ ምባል ተረፉ፣ ኣኽበረት ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ20/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣንገሶም ሓድጉ ተኽለ ምባል ተረፉ፣ ኣንገሶም ተወልደ ግሓርዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ራህዋ ኣሕመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፣ ሰመያ ኣሕመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ29/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣድያም መንግስትኣብ ደስታ ምባል ተረፉ፣ ናዝሬት መንግስትኣብ ደስታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ30/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ እሙና ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር፡ በዓል ቤተይ ክፍለማርያም ወልደእየሱስ ስበሓቱ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓዲ ኳላ

ሉተስላሴ ተስፋኣለም ተስፋስላሴ ምባል ተረፉ፣ ዊንታ ተስፋኣለም ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ9/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ገብረክርስቶስ ኣርኣያ ተስፋማርያም ምባል ተረፉ፣ ባርናባስ ኣርኣያ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ13/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅዱሳን ተስፋሚካኤል ኣብርሃ ምባል ተረፉ፣ ቅዱሳን ተስፋሚካኤል ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ12/6/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ደቀምሓረ

ኣቶ ሰሎሙን ብርሃ ኣብርሃ፡ ኣቦይ ብርሃ ኣብርሃ ሰርጹ ስለዝዋረፈ፡ ንሕና 5 ደቁ ወራስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ23/4/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብተስላሰ ተስፋይ፡ ስም ኣደይ መድህን ለኣከ ተወልደ ምባል ተረፉ፣ ለተገብርኤል ለኣከ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ23/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ገ/መስቀል፡ በዓል ቤተይ ሃይለሚካኤል ተወልደ ገ/ሂወት ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ሰርጹ ክፍሉ፡ በዓል ቤተይ ባህታ ሃብተገብርኤል በራኺ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣምለሰት ግርማይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰሎሙን ሃብቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንገ15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ወ/ሮ ደስታ ገብረእግዚኣብሄር፡ ሓፍተይ ህድኣት ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ21/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዩርዳኖስ ዘሙይ ገብረኪዳን ምባል ተረፉ፣ ዩርዳኖስ ዘሚከኤል ገብረኪዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ22/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ኣቶ ገበል ሃብቱ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ኤልሳ ሃብተ ናይ ወርሲ ምምቕራሕ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንገ14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ንዕማ መሓመድ በሺት ምባል ተረፉ፣ ንዕማ መሓመድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ14/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽርሃ ገብርሚካኤል፡ በዓል ቤተይ ብደሀ ሞጊ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7ደቅና ድማ ወራስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንገ15/5/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

በረኸትኣብ ግርማጼን ተስፋዝጊ፡ ተጸዋዒ ኣቶ በረኸት ተስፋጼን ዓንደሚካኤል ወይ ሕጋዊ ወከሉ ኣነ እየ ዝበል ወገን እንተሎ፡ ናይ ሰሸል ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ንገ17/5/24 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደንደን ቀይሕ ባሕርን ሓሊፈን

ዙሓለፈ ሓሙስ ዝጀመረ ኣውዳቕቫ ምሕላፍ ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት ኣብ ዝቐጸለሉ፣ ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፈን፡፡

ቀይሕ ባሕሪ ቀዲማ ምስ ጉዳይፍ እያ ገጢማ፡፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ የናታን ነጸረኣብ መረሐኑት ዘተሓዘታ ሸቶ ዘመዝገበት ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ብመገዲ ኤሰርም ረዘነን ናታን ብርሃነን ክልተ ሸቶታት ብምውሳኽ 3-ብ0 ተዓዊታ፡፡ ኣባላ ዓበሴል ተኸለዝጊ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ግጥም ተጸዊዑ፡፡

ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ፡ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ካልኣይ ደረጃ ሒዛ



ወዲኣ ዘላ ደንደን፡ ምስ'ታ ሓሙሻይ ደረጃ ዘላ ማይ ተመናይ ተጋጢማ፡፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ሸቶ ዘይተረኣየ እዚ ግጥም፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግን፡ ኣከፋፋሊ. ደንደን ናህም ታደሰ ኣብ መበል 47 ደቒቕ፡ ሻቕሎት ጋንታኡ ዝቐንጠጠት ሸቶ ኣመዝጊቡ፡፡ ናህም፡ ድሕሪ ሸውዓተ ደቓይቕ እውን ካብ ቅላዕ መቕጸዕቲ ንዕኡን ንጋንታኡን ካልኣይቲ ሸቶ ወሲኹ፡፡

ድሕሪ'ዘን ሸቶታት'ውን እንተኾነ ንልዕት ማይ ተመናይ ከም ድላያ ክትደፍሮ ዘይተጸገመት ደንደን፡ ብተኸታታሊ ካብ ቢንያም መንግስታኣብ፡ ናህም ዓወትን መሓሪ መብራህቱን ሰለስተ ሸቶታት ብምውሳኽ ብጠፊሒ 5-ብ1 ተዓዊታ፡፡ ማይ ተመናይ፡ ንእኽ ሸቶኣ ካብ ኤቨን ግርማጽዮን ኣብ መበል 78 ደቒቕ እያ ረኺባቶ፡፡ ናህም ታደሰ ከኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዛ ጸወታ ተሰምዩ፡፡

እዚ ውድድር፡ ሓሙስ 2 ግንቦት፡ ኩጣንያ ሰምባል ምስ ኣሊታሕረር፡ ኣስመራ በራ ምስ ኩጣንያ ሰገን ብዘካይዳኦ ግጥማት ክቕጽል እዩ፡፡

## ኢንሹራንስ ንደንደን ገሊፋታ

### "ምስዓርና ተወዳደርቲ ጋንታታት ይመጽኣ ምህላወን ዘርኢ እዩ" ኣሰልጣኒ ደንደን

ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል፡ ብቐዳም 27 ሚያዝያ ናይ ኣውዳቕላ ምሕላፍ ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ጀሚረን፡፡

ኣብዚ ክልተ ግጥማት ዝተሰርዓሉ ዕለት፡ ኩጣንያ ሰገንን ጉዳይፍን እያን ቀዲመን ተጻዊተን፡፡ ሰገን፡ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ብመገዲ ሩታ ሙሴ ብዘመዝገበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ፡፡ እዛ ጋንታ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ'ውን ካብ ፍዮና ገርግሽን ቤተሊሄም ዘኪያስን ሸቶታት ወሲኻ 3-ብ0 ተዓዊታን ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋን፡፡ ኣባል ሰገን ፍዮና ገርግሽ፡ ናይዛ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጸዊዓ፡፡

ጸወታ ናይ'ተን ኣብ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል ተራኺበን ማዕረ ዝተፈላለያ ደንደንን ኢንሹራንስን እውን ኣብታ ዕለት እዩ ተኻዪዱ፡፡ እዘን ጋንታታት ዓሚ ኣብ መዛዘሚ ግጥም ዋንጫ ናጽነት ተራኺበን ኢንሹራንስ ዋንጫ ምልዓላ ይዝከር፡፡



ኣብ ቀዳማይ 45 ደቓይቕ ደንደን ዝያዳ ከተጥቅዕ እንከላ፡ ኢንሹራንስ ድማ ዕድላት መጋጥምታ ኣብ ምምኻን ተጸሚዳ፡፡ ንዕረፍቲ ከኣ 0-ብ0 ኣምሪሐን፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ ብኣንጻሩ፡ ኢንሹራንስ፡ ዝሓሸ ዕድላት ክትፈጥር ተራእያ፡፡ እንተኾነ፡ ሸቶ ዘመዝገበት ጋንታ ብዘይምንባራ ናብ ፍጹም ቅላዕ ኣምሪሐን፡፡ ኢንሹራንስ ድማ፡ 4-ብ2 ብምዕዋት ነዛ ቀንዲ መወዳደርታ ጋንታ ብኣጋኡ ካብ ውድድር ኣልያታ፡፡ ኣባል ኢንሹራንስ ሉልያ ኣብርሃም፡ ናይዛ ግጥም ብልጽቲ ተጻዋቲት ተጸዊዓ፡፡

ድሕሪ'ዛ ግጥም፡ ኣሰልጣኒ ደንደን ረዘነ ገብረገርግሽ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ምስዓርና ተወዳደርቲ ጋንታታት ይመጽኣ ምህላወን ዘርኢ እዩ" ክብል እንከሎ፡ ኣሰልጣኒ ኢንሹራንስ መም. ሚካኤል ጠዓመ (ቻርለ) ድማ፡ "ናይ ዓሚ ዘከርና ኢና ንደንደን ክንስዕራ መጺእና፡፡ ተጻወትትና ብዝደጋገሚ ምስ በዳሁ፡ ጋንታታት ብምጽዋተን ሉሚ ድኻም ተሰሚዑወን፡፡" ኢሉ፡፡

ዋንጫ ናጽነት፡ ሎሚ ሰሉስ ምምሕዳር ሰምባል ምስ ምምሕዳር ገጀረት ብዘካይዳኦ ግጥም ክቕጽል ምዃኑ፡ ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ፡፡

## ሲልቫ፡ ክፉኖ እዩ




ገዳም ተኸላኻላይ ቸልሲ - ቲያጎ ሲልቫ፡ ኣብ መወዳእታ እዛ ዓመተ-ስፖርት ካብ'ዛ ክለብ ክወጽእ ምዃኑ እናኑበዐ ትማሊ ኣፍሊጡ፡፡

ቲያጎ፡ ኣብ ክረምቲ 2020 ብናጻ ካብ ፒኤስጂ ናብዛ እንግሊዛዊት ክለብ ምጽምባሩ ይዝከር፡፡ ዛጊት ኣብ 151 ግጥማት ዝተጻወተላ እዚ ብራዚላዊ፡ ናይ 2020-21 ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝርከቦም ሰለስተ ጸዋዕት ዓቲሩ፡፡

ንፍቕሪ እዛ ጋንታ "ክግለጽ ዘይክኣል" ዝበሎ እዚ ወዲ 39 ዓመት ምኩር ተጻዋታይ፡ "ቸልሲ ንዓይ ብዙሕ ትርጉም ኣለዋ፡፡ ኣብ ፈለማ ንሓንቲ ዓመት ክጸንሕ ኢለ እየ መጺአ፣ ኣብ መወዳእታ ግና ኣርባዕተ ዓመታት ኮይኑ፡፡ ኣብ ንብርር ኩነታት ምፍናው ከቢድ እዩ፣ ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ምስ ዝህሉ ግና ዝያዳ ዝኸበደ ይኸውን፡፡ ሓንሳብ ሰማያዊ ግና፡ ኩሉ ግዜ ሰማያዊ እዩ፡፡" ክብል ናይ መፋንዊ ቃላት ሰዲዱ፡፡

ፍራንክ ላምፓርድ እንከሎ ናብ'ዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ሲልቫ፡ ኣብ ትሕቲ ቶማስ ቱቸል፡ ግርሃም ፖተርን ናይ ሕጂ ኣሰልጣኒ ማውሪሽዮ ፖቸቲኖን እውን ሰልጢኑ እዩ፡፡ ኣብዛ ወቕቲ፡ ኣብ 25 ናይ ፕሪመር ሊግ ግጥማት ምስ ቀዳሞት 11 ክስለፍ እንከሎ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ውድድር 34 ግጥማት ተጻዊቱላ፡፡

ሓደ ካብ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ምዃኑ ዝግለጽ ቲያጎ ሲልቫ፡ ደጊሙ ናብ ሜዳ ስታንፎርድ ብሪጅ ብዝተፈልየ ሓዲሽ ስራሕ ክምለስ ተስፋ ከምዝለዎ'ውን ጠቒሱ፡፡ ሲልቫ፡ ንሃገሩ ብራዚል 113 ግዜ ወኪሉዋ እዩ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብራዚላዊት ክለብ ፍሉሚነንስ፡ ንቲያጎ ንምምጻእ ድሌት ኣርእያ ምህላዋ፡ ድሮ ድማ ውጥን ኣውጺኣ ከምዝላ ተቓሊሑ፡፡

## ባየር ሙኒክ - ሪያል ማድሪድ

### "ምልእቲ ስታድዩም ቀይሕ ሕብሪ ክትከውን ኣለዋ" ሙኒክ

ብቐደም ተኸተል ኑተን ዋንጫ ፕሪመር ሊግ ንምልዓል ዝቃለሳ ዘለዋ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ካብ ርብዒ ፍጻመ ዝገለፋ ባየር ሙኒክን ሪያል ማድሪድን፡ ሎሚ ምሸት ብኣጋኡ ልዑል ቆላሒታ ረኺቡ ዘሎ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ከካይዳ እየን፡፡

ኣብ ሜዳኣ እትጻወት ሙኒክ፡ ድሕሪ'ቲ ዋንጫ እዚ ውድድር ዝልዓለትሉ ናይ ዓመተ-ስፖርት 2019-20 ውድድር፡ ንፈለማ ግዜ እያ ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፋ ዘላ፡፡ ብልጫ ናይ ሜዳኣ ተጠቒማ ነዛ ናይ ቀዳማይ እግሪ ጸወታ ክትረብሓላ ከኣ ትጸበ ይግበረላ፡፡ ኣብዚ ውድድር ኣብ ሜዳኣ ን14 ተኸታተልቲ ግጥማት ከይተሳዕረት ትገዓዝ ብምህላዋ'ውን ጸቡቕ ፋል ክኸና ተስፋ ደገፍታ እዩ፡፡

ሙኒክ፡ ኣብ ናይ ወሽጢ ሃገራ ውድድር ዋንጫ ካብ ምልዓል ብኣጋኡ ኢዳ ብምህባ፡ ምሉእ ኣተኩሮኣን ሓይላን ኣብዚ ኤውሮጳዊ ውድድር ገይራ ትርከብ፡፡ ንደገፍታ፡ ኣብዛ ምሸት ንምልእቲ ስታድዩም ቀይሕ ሕብሪ (እትፍለጠሉ ማልያኣ ቀይሕ ብምዃኑ) ክመልእዎ ድማ ተማሕጺናቶም ኣላ፡፡ እዛ ጋንታ በዚ ግጥም ኣብላ ናብ ፍጻመ ንምሕላፍ፡ ኣብ ሓያል ጻዕሪ ክትጽመድ ኢያ፡፡

ብኣንጻሩ፡ ሪያል ማድሪድ፡ ዋንጫ ላ'ሊጋ ንምልዓል ኣብ ደርጐኹት ኣብ እትርከበሉ ግዜ'ያ፡ ፍናን ሰፊቓ ተወሳኺ ዓወት ንምጉንጻፍ እጅገኣ ሰቢሰባ ዘሎ፡፡ ብፍጹም ቅላዕ ንማን ሲቲ ረቲዓ ዝሓለፈት ማድሪድ፡ ኣብዚ ናይ 2023-24 ውድድር ዝኾነ ስዕረት ናይ'ዚ ውድድር ከይጠዓመት እያ ንሙኒክ ክትገጥማ፡፡ ሎሚ ምሸት እንተዘይተሳዒራ (ማዕረ ወይ እንተተዓዊታ) ከኣ፡ ብተኸታታሊ ን11 ግጥማት ከይተሳዕረት ክትገዓዝ እያ፣ ምስቲ ናይ 2016-17 ዝነበሮ ክብረ-ወሰን ድማ ክትመዓራረ እያ፡፡

**ጥዕና ተጻወትቲ**

**ሙኒክ**

ናይ ጺጋም ተኸላኻሊ ኣልፎንሶ ዳቪስ፡ ካብ መቕጸዕቲ ተመሊሱ ኣሎ፣ ዓቢ እፎይታ ንዓሰልጣኒኡ ቱቸል፡፡ ሳነ ኣጠራጣሪ፣ ኮማን ግና ከምዘይሰለፍ ይግለጽ ብምህላዉ፡ ንማስመር መጥቃዕታ ከየላሕልሖ ይፍራሕ፡፡ ናይ ማእከል ተኸላኻሊ ደሊክት እውን ኣገልግሎት ከምዘይህብ ይግለጽ፡፡

**ማድሪድ**

ዓለሚ ናይ'ዛ ጋንታ ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ነዛ ጸወታ ክብል ዝሓለፈ ዓርቢ ንወሰንቲ ተጻወትቲ ኣዕረፍዎም እዩ፡፡ እንተ ካርቫጋል፡ ብሰንኪ'ቲ ኣንጻር ሲቲ ዝወሰዳ ካልኣይቲ ብጫ ካርድ ሎሚ ክበኩር እዩ፡፡ ሉካስ ቫስከስ ከኣ፡ ቦታኡ ክሽፍና እዩ - ብመሰረት ጋዜጣታት እስጳኛ፡፡

**ቅዲ ጸወታ**

እዘን ጋንታታት፡ ዝያዳ ዝፍለጣሉ ቅዲ ጸወታ ቅልጡፍ መልሰ መጥቃዕቲ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ግጥመን ምስ ኣርሰናልን ሲቲን እውን፡ ክልተአን ረቢሐናሉ እየን፡፡ ሙኒክ፡ ንመሲያሉ ሳነ (እንተተሰሊፉ) ግናብሪን ምስ ቀታሊ ኣጥቃዒያ ኬን ኣላፊና እትሃንጾ መስመር መጥቃዕቲ፡ ንዕርዲ ምክልኻል ማድሪድ ሕማም ርእሲ ክኸውን ይግመት፡፡

ብኣንጻር'ዚ፡ ሓደ ካብ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዝኾነ ቪንስየስ ምስ ሮድሪጎን በሊሕ ሃንዳሲ ጸወታ በሊንግሃምን ተናቢቦም ዝፈጥሩዎ ወህደት፡ ኑቲ እንተተፈቲኑዎ ሸቶ ከዘሩቕ ዝርአ መስመር ምክልኻል ሙኒክ ዘርዕድ ምዃኑ ይእመት፡፡ ክሳዕ እዚ ማስመር፡ ኣብ ማእከል ሜዳ ንምቍጻጻር ዝገበር ቃልሲ'ውን ሰሓቢ ክኸውን ትጽቢት ኣሎ፡፡

**ካብ ስታቲስቲክስ**

* ልዕሊ እዘን ክልተ ክለባት ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ብዝበዝሐ ዝተራኸባ የለዋን፣ ሸውዓተ ግዜ ተራኺበን ኣለዋ፡፡ ሙኒክ፡ ኣርባዕተ ግዜ፣ ማድሪድ ሰለስተ ግዜ ተዓዊተን፡፡ ኣብዛ ሻሙናይቲኸ?

* ሙኒክ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ግጥማት ኣንጻር ማድሪድ ኣይተዓወተትን - ሽዱሽተ ስዕረት ሓንቲ ማዕረ፡፡ እቲ ዝወሓለ ዘይዕወት ጉዕዞኣ ኣብዚ ውድድር ኣንጻር ሓንቲ ጋንታ፡፡

* ማድሪድ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ሰለስተ ግጥማት ኣብ ሜዳ ሙኒክ ተዓዊታ፡፡ እቲ ዝወሓለ ተኸታታሊ ዓወታ ኣብ ሜዳ'ዛ ጀርመናዊት ክለብ እዩ ዝኸውን ዘሎ፡፡ ዝኾነት ክለብ፡ ኣብዚ ውድድር ንሙኒክ ክንድ'ዚ ተኸታታሊ ጸወታ ስዒራታ ኣይትፈልጥን እያ፡፡

## ቅንጥብጣብ

* ተኸላኻሊ. ኤሲ ሚላን ሳይሞን ክየር፡ ምስ ምዝዛም እዛ ወቕተ-ስፖርት ውዕሉ ምስ ኣብቅዐ፡ ካብዛ ክለብ ብናጻ ክፉኖ እዩ - ብመሰረት ወከልቱ፡፡

ኣብ ጥሪ 2020 ካብ ሰቪያ ብልቓሕ ናብ ሚላን ዝተሰጋገረ እዚ ወዲ 35 ዓመት ደኒማርካዊ፡ ኣብ ክረምቲ ግና፡ ሓዲሽ ቀዋሚ ውዕል እዩ ፈሪሙ፡፡ ክሳብ እዛ ዓመተ-ስፖርት ከኣ፡ ኣብ 120 ጸወታታት ማልያኣ ክለብስ በቒዑ፡፡

ሚላን፡ ንዝደኸመ መስመር ምክልኻላ ክተሀድሶ ወጢና ኣብ ዘላትሉ እዋን ግና፡ ክፈላለዩ ምዃኖም ወኪሉ ኣፍሊጡ፡፡

* ኣሰልጣኒ. ስፖርቲንግ ሊዝበን ሩብን ኣሞሪም፡ ንሓዲሽ ስራሕ ክዘራረብ ናብ ለንደን ብምኻዱ፡ ንደገፍቲ ክለቡ ይቕረታ ሓቲቱ፡፡

ንብታ የርገን ክሎፕ ኣብ ሊቨርፑል ክትክእ እዩ ክበሃል ዝወርሐ ኣሞሪም፡ እቲ ዜና ወዱቕ ምዃኑ ምሕባሩ ይፍለጥ፡፡ እንተኾነ፡ ንቦታ ዓለሚ ዌስት ሃም ዳቪድ ሞየስ ክሕዝ ቀዳማይ ምርጫ ኮይኑ እውን ክበሃል ቀንዩ ኣሎ፡፡ እዚ ወዲ 39 ዓመት መንእሰይ ኣሰልጣኒ፡ ምስ ሰበ-ስልጣን እዛ ጋንታ ከምዝተራራረበ እውን ተቓሊሑ፡፡ በዚ ጉዳይ ምስዛ ክለብ ምርኻቡ ግና፡ "ናተይ ጌጋ" እዩ ብምባል ይቕረታ ሓቲቱ ኣሎ፡፡

ብኣመራርሓ ሞየስ ዘይተሓጎሰት ዌስትሃም፡ ሓዲሽ ዓለሚ ሃሰው ኣብ ምባል ትርከብ፡፡ ብመንጽሩ ንክሎፕ ክተኩዎ ሰለስተ ናይ ሊግ ግጥማት ጥራይ ተሪፉዎ ዘሎ ሊቨርፑል፡ ንኣሰልጣኒ ፈይኑርድ ኣርኔ ስሎት ክትውድኣሉ እያ ይበሃል ኣሎ፡፡

**መደብ ጸወታ**

ሎሚ
ሻምፕዮንስ ሊግ ፍርቂ ፍጻመ
ቀዳማይ እግሪ
ባየር ሙኒክ - ሪያል ማድሪድ 10፡00 ምሸት

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ቀ/ሚኒስተር ስጳኛ፡ ኣብ ስልጣኑ ክጸንሕ ወሲኑ

ስልጣኑ ብዝኾነ-ፍቓዱ ክለቅቕ ክደናደን ዝጸንሐ ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳኛ ፔድሮ ሳንቸዝ፡ ኣብ ስልጣኑ ክቕጽል ከም ዝወሰነ ኣፍሊጡ።

እቲ መራሒ መንግስቲ ኣብ ስልጣኑ ክጸንሕ ትማሊ ሰኑይ ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ውድቡን ደገፍቱን እፎይታ ፈጢሩ ከም ዝነበረ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ሓቢረን።



ንሱ፡ ኣኽበርቲ ሕጊ ስጳኛ ንብዓልቲ-ቤቱ ብጉቦ ምኽሳሶም ድሕሪ ምኽሳሶም ቤት-ፍርዲ እቲ ጉዳይ ክጻረ ድሕሪ ምውሳኑን እዩ - ስልጣኑ ናይ ምልቃቕ ሓሳብ ኣበጊሱ።

በዚ ከኣ ዝሓለፈ ረቡዕ "ክሳብ ብዛዕባ መጻኢየይ ኣብ ስልጣን ሓሲበ ዝውስን ናብ ቤት-ጽሕፈተይ ኣይክኣቱን እየ" ክብል ንደገፍቱ ኣርዲኡዎም።

ቡቲ ውሳነ ዝሰንበዱ ልዕሊ 10 ሽሕ ዝግመቱ ደገፍቱ ድማ፡ ኣብ ከተማ ማድሪድ ብምትእኽኻብ ኣብ ስልጣኑ ክጸንሕ ዝጠልብ ጻውዒት ኣቕሪቦም።

ኣብ ክፍላ 2018 ናብ ስልጣን ዝደየበ ወዲ 52 ዓመት ፔድሮ ሳንቸዝ፡ ምሕጽንታ ደገፍቱ ሰሚዑ ኣብ ስልጣኑ ክጸንሕ ብምውሳኑ፡ እቲ ኣብታ ሃገር ፈኺም ክበል ጀሚሩ ዝቐነየ ፖለቲካዊ ዘይምርግጋእ ቅሂሙ ከም ዝዘሎ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ የመልክቱ።

## ቡርኪናፋሶ፡ ንክሲ ጉጅለ 'ተሓላቒ ሰብኣዊ መሰላት' ትነጽግ

መንግስቲ ቡርኪናፋሶ ወተሃደራቱ ዝሓለፈ ለካቲት 223 ሰላማውያን ሰባት ብጅምላ ከም ዝቐተሉ ብምግላጽ፡ ነቲ ብኣህጉራዊ ጉጅለ 'ተሓላቒ ሰብኣዊ መሰላት' ዝቐረበሉ ክሲ "መሰረት ዘይብሉ ሓሶት" ብምባል ነጺግዎ።

እቲ ጉጅለ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዘርገሖ ጸብጻብ፡ ወተሃደራት ቡርኪናፋሶ ብ25 ለካቲት ኣብ 'ሶሮ' ዝተባህለት ቁሸት 179፡ ኣብ 'ኖንዲን' ዝተባህለት ካልኣይቲ ቁሸት ድማ 44 ንጹሃት ሰባት ብጅምላ ከም ዝረሸኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ካብቶም ግዳያት ብውሕዱ እቶም 56 ህጻናት ከም ዝነበሩ'ውን ወሲኹ ጠቒሱ ነይሩ።

ነቲ ጸብጻብ ኣትሪሩ ዝኾነነ መንግስቲ ቡርኪናፋሶ፡ ሓቅነት ናይቲ ተፈጺሙ ዝበሃል ዘሎ ቅትለት ንምርግጋጽ ናይ ገዛእ ርእሱ መርመራ ኣበጊሱ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ማዕከናት ዜና ኣመሪካን ብሪጣንያን (ቢቢሲን ድምጺ ኣመሪካን) ዝርከብኦን ሓያለ ማዕከናት ዜና ምዕራብ ነቲ ጸብጻብ ሰፊሕ ሽፋን ብምሃበን ዝተቓወሞ እቲ መንግስቲ፡ ኣብ ሃገሩ ዝሰርሓ ዜናዊ ትካላት ክዋሃይ ከም ዝኣገደ'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።



ካብ 2022 ኣትሒዙ ብወተሃደራዊ መንግስቲ ትምራሕ ዘላ ቡርኪናፋሶ፡ ሓንቲ ካብተን ብሰንኪ ምንቅስቓስ ጥሩፋት ዕጡቓት ኣብ ከቢድ ጸጥታዊ ቅልውላው ወዲቐን ዝርከባ ሃገራት ሳሕል ሳህራ ምዃና ይንገር።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ልዕሊ ሓደ ሲሶ ካብ ጠቕላላ መሬት ቡርኪናፋሶ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ጥሩፋት እስላማውያን ዕጡቓት ይርከብ።

## ኬንያ - ዲጋ ብምፍራሱ ልዕሊ 40 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ምዕራባዊ ኬንያ፡ ትማሊ ሰኑይ ንግሆ ሓደ ዓቢ ዲጋ ልዕሊ ዓቕሙ ማይ መሊኡ ብምፍራሱ፡ ብውሕዱ 40 ሰባት ብውሕጅ ተወሲዶም ከም ዝሞቱ ይሕበር ኣሎ።

እቲ ቁጽሪ ንመጠን ናይ'ቶም ብሰንኪ ዕልቕልቕ ማይ ሞይቶም ዘለዉ ኬንያውያን ናብ ልዕሊ 120 ኣደይቡዎ ከም ዘሎ ድማ፡ ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ገሊጸን።

እቲ ዲጋ ድሕሪ ምፍራሱ ድያኖም ዘይተረኽበ ሓያለ ሰባት ከም ዘለዉ ዝጠቐሰ ፖሊስ ኬንያ፡ ንምርካቦም ናይ ምድላይ ስርሒት ይካየድ ከም ዘሎ ኣመልኪቱ።

ኣፈኛ መንግስቲ ኬንያ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብታ ሃገር ዝዘንብ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኑቲን ማያዊ ጸዓት ዘመንጭዋ ዓበይቲ ሓጻቢታት ክይትረፈ ክሳብ ዓንቀረን ከም ዝመልኣ ገይሩወን ከም ዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ ትሕቲ'ተን ሓጻቢታት ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ዝለዓለ ተጠንቀቕ ክጸንሑ ተማሕጺኑ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ መንግስቲ ኬንያ፡ ብሰንኪ'ቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ከቢድ ሓደጋ ዕልቕልቕ ማይ ተዓጽየን ዝርከባ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ዝመጽእ ሰሙን'ውን ከም ዘይክፈታ ኣፍሊጡ።

እቲ ዕልቕልቕ ገና ይቕጽልን መጠን ሞት ድማ ይውሰኽን ምህላዉ ዘመልከተ እቲ መንግስቲ፡ ንድሕነት ዜጋታቱ ክብል ነቲ ናይ ምኽፋት ግዜ ብሓደ ሰሙን ከደናጉዮ ከም ዝወሰነ ሓቢሩ።

## ዱባይ፡ ኣብ ዓለም ዝዓበየ መዓርፎ-ነፈርቲ ክትሃንጽ ተበጊሳ

ሓንቲ ካብ ሕ.ኢ.ዓረብ ዝኾነት ዱባይ፡ ኣብ ዓለምና መወዳድርቲ ዘይርከቦ ዝዓበየ መዓርፎ-ነፈርቲ ክትሃንጽ ጀሚራ ከም ዘላ፡ መራሒኣ ሸኽ መሓመድ ቢን ራሺድ ኣል-ሙኽቱም ኣፍሊጡ።

እቲ እንተላይ ቀዳማይ ሚኒስተርን ምክትል ፕረዚደንትን ሕ.ኢ.ዓረብ ዝኾነ ብዓል-ስልጣን ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ 35 ቢልዮን ዶላር ባጀት ዝተሰለዓሉ ሓድሽ መዓርፎ-ነፈርቲ፡ ካብ ከተማ ዱባይ ንደቡብ ኣንፈት ኣብ ርሑቕ በረኻ ይድኮን ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ሓድሽ መዓርፎ-ነፈርቲ፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዝለዓለ ጻዕቂ ተጎዓዝቲ ከም ዘሳግድ ዝንገረሉ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ዱባይ ብሓሙሽተ ዕጽፊ ዝዓበየ ክኸውን ምዃኑ'ውን ወሲኹ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ መራሒ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ብስሙ ዝድኮን ዘሎ ሓድሽ መዓርፎ-ነፈርቲ፡ ጐድኒ ንጐድኒ ዝኸዱ ሓሙሽተ መሐምበሊ መስመራት (ራንወይ) ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ መስርሕ ህንጻቱ ምስተዛዘመ ዓመታዊ ክሳብ 260 ሚልዮን ተገዓዝቲ ናይ ምእንጋድ ዓቕሚ ክህልዎ እዩ። ኣብ ኣህጉራዊ ማዕርፎ-ነፈርቲ ዱባይ ዝወሃብ ዘሎ ኩሉ ኣገልግሎታት'ውን ጠቕሊሉ ናብኡ ክግዕዝ እዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ጐድኒ'ቲ ሓድሽ መዓርፎ-ነፈርቲ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ዝሕዝ ዘመናዊ መንበሪ-ኣባይቲ ብምህናጽ፡ ሓዳስ ከተማ እናተደኮነት ክትከይድ እያ።

እቲ ደርማስ ፕሮጀክት፡ ኣካል ናይቲ ሕ.ኢ.ዓረብ መጻኢ ዕድል ወለዶታታ ውሑስ ንምግባር እተሰላስሎም ዘላ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ምዃኑ'ዩ መራሒ ዱባይ ዝገለጸ።

ጸብጻባት ከም ዝሕብሩዎ፡ ኣህጉራዊ መዓርፎ-ነፈርቲ ዱባይ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥራሕ ኣስታት 87 ሚልዮን ተገዓዝቲ የእንገዱ ኣሎ።



## 28 ሚያዝያ - ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት

ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት - 28 ሚያዝያ፡ ሎሚ ዓመት ብደረጃ ዓለም - "ኣብዚ ተለዋዋጢ ክሊማ፡ ውሑስን ጥዑይን ስራሕ ምርግጋጽ ግዜኡ ወይ እዋኑ ሕጂ ኢዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንመበል 21 ግዜ ክትዝከር እንከሎ፡ ብደረጃ ሃገርና ከኣ - "ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ምውሓስ፡ ናይ ኩልና ሓላፍነት ኢዩ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ንፈለማ ግዜ ተዘኪሩ ውዒሉ።

ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን፡ ዕዙዝ ምዃኑ ወሲኺ ግንዛቤን ርድኢትን ስለዝረኸበ እዩ - ካብ 2003 ኣትሒዙ ዓመታዊ ክዝከር ጀሚሩ። ዕላማኡ ከኣ፡ ኣሰራሕቲ፡ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን፡ ብዛዕባ ድሕነትን ጥዕናን ንቕሓትን ኣፍልጦን ንምብራኽ ኢዩ። እቲ ዘሎ ንቕሓትን ኣፍልጦን፡ ካብ ዝሓለፉ እዋናት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸ ይመጽእ'ኳ እንተሎ፡ እቲ ዝድለ ወጽኢት ንምርካብ፡ ገና ብዙሕ ስራሕ ተሪፉ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ (ILO)፡ መዓልታዊ ልዕሊ 6,300፣ ዓመታዊ ድማ 2.3 ሚልዮን ሰራሕተኛታት፡ ብሰንኪ ሞያዊ ሓደጋታት ወይ ካብ ስራሕ ዝበገሱ ሕሞማት፡ ህይወቶም ይስእኑ። ኣብ ቦታ ስራሕ'ውን፡ ዓመታዊ ልዕሊ 317 ሚልዮን ሓደጋታት የጋጥሙን ከቢድ ሰብኣዊን ማሕበረ-ቁጠባዊን ጸገማት የኸትሉን። ስለዚ፡ ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት፡ ነቶም ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ዘለዉ ሓደጋታትን ሕሞማትን ብምጉዳል፡ ውሑስ፡ ጥዑይን ኣዕጋቢን ስራሕ ንምምዕባል ኣብ ዝቕይድ ጻዕሪ ተወሳኺ ደርኺት ንምፍጣር ዝዓለመት'ያ። ከምኡ ድማ፡ ንየም ብሰንኪ ኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ሕሞማትን፡ ህይወቶም ዝሰኣኑ፡ ግዳያት ከቢድ ስንክልና ወይ ጉድኣት ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ንምዝካር ኢያ።

ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት ዘቐመጦም ዕላማታት ናብ ሽቶኦም ክበጽሑ፡ ኵሲ-ወከፍ ኣካል እጃሙን ተራኡን ከበርክት ኣለዎ። ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ምውሓስ፡ ንሓደ ኣካል ዝገደፍ ዕማም ዘይኮነ፡ ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት - ማለት ሰራሕተኛታት፡ ኣሰራሕቲ ወይ ትካላት፡ ከምኡ'ውን ናይ ተቖጻጻርቲ ኣካላት መንግስቲ ሓላፍነት ምዃኑ የዘኻኽር። ኣሰራሕቲ ወይ ትካላት፡ ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕ ኣካቢ ከፈጥሩ፣ ቅድመ-ንጡፍ (Proactive) ስጉምቲታት ክወስዱ፣ ሰራሕተኛታት ብመሰረት ዝወጽኡ ናይ ድሕነትን ጥዕናን ፖሊሲታትን መምርሒታትን ተኸቲሎም መዓልታዊ ንጥፈታቶም ክካይዱ፣ ተቖጻጸርቲ ኣካላት መንግስቲ፡ ትግባረ ንድሕነትን ጥዕናን ዝወጽኡ ሕጋጋት፡ መዐቀኒ ደረጃታት፡ ኣጉባትን ሜላታትን ከረጋግጹ ክኽእሉ ኣለዎም።

ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ፡ ከም ሳይንሳዊን ቴክኖሎጂያውን ምዕባለታት፣ ኣጉዑብ ኣቐጻጽራ ሰራሕተኛታት፡ መልክዓት ኣገልግሎት ሸቐላት፡ ክሊማዊ ለውጢ፡ ዝኣመሰሉ ዝቐየዱ ብድሆታት ኣለዉ። ብፍላይ ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ዘስዕቦ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣቕሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ኣሉታዊ ጽልዋ የሕድሩ ተባሂሎም ተለልዮም ዘለዉ ዛዕባታት ድማ፡ ክሊማዊ ለውጢ፣ ልዑል መቐት፣ ጨረርታ ጸሓያዊ ብርሃን፣ ክቱር ፍጻሜታት ኩነት-ኣየር፣ ብከላ ኣየር፣ ተሰከምቲ ሕማም ወለድ ሕሞማት፣ ሕርሻዊ ኬሚካላት. . . ኢየም።

ክሊማዊ ለውጢ፡ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ክስዕቦ ዝኽእል ለውጥታት ንምጉዳል፡ ብዛዕባ ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ንቕሓትን ኣፍልጦን ኣሰራሕቲን ሰራሕተኛታትን ምብራኽ፣ ንሰራሕተኛታት ቀጻሊን ስሩዕን ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ምሃብ፣ መርመራን ፈተሻን ተኻእሎ ሓደጋታት ብቐጻሊ ምክያድ፣ ደቂ-ኣንስትዮ፡ መንእሰያትን ስንኩላንን ዝያዳ ተጻለውቲ ምዃኖም ተገንዚብካ - ፍሉይ ክንክንን ኣልያን ምግባር. . . የድሊ። ሓምላይ ቁጠባን ዕድላት ስራሕን እውን፡ ኣብ ምዕቃብ ናይ ስራሕ ኣከባብን ማሕበራዊ ረብሓታትን ምብጻህ ክሊማዊ ለውጥን ዝህልዎ ጥቕሚ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ብዕቱብ ክስርሓሉ ኣለዎ።

እዛ ብደረጃ ሃገር ንመጀመርያ ግዜ ትብዓል ዘላ ዓለማዊ መዓልቲ ድሕነት እምበኣር፡ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታትን ቦታ ስራሕን ንምውሓስ ዝወሰድ ዘሎ ስጉምቲታትን ዝተፈዱ ዘለዉ ጻዕርታትን ንምድራዕ፡ ሓባራዊ ሓላፍነት ከም ዝዘሎና እተዘኻኽር ኣገዳሲት ዕለት ኢያ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን

ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣንበሳ | ዕለት: 30/04/2024 | ጎደና: ጎደና ዓዲ ሓወሻ 175 ቁ.ገዛ 58 ኮብ. ፖስት ኦፊስ ፊት ፎቶ ኤርትራ | ቁ.ስልኪ: 200141
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services